*Remembering unique Eritreans in contemporary Eritrea*

A
short biography
Of


# Memhir Yishak Teweldemedhin

By
Yishak Yoseph
Asmara 1993



Following is a scanned copy of the tigrinja book entitled (A short life history of Memhir Yishak Teweldemedhin: Fight Against Illiteracy)

ይስሓቅ ዮሴፍ



# ሓጺር ዛንታ-ህይወት
## መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን
## ቃልሲ ምጥፋእ ድንቍርና

ይስሓቅ ዮሴፍ

# ሓጺር ዛንታ-ህይወት
## መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን
## ቃልሲ ምጥፋእ ድንቍርና

Copyright 1986 Isahak Yosief
» 1993 »

Isahak Yosief: **A Short Biography of**
**Yisahak Tewelde Medhin: War on Illiteracy**

## ምስጋና

ነዚ ካልኣይ ሕታም ንምእራም
ሕሊናዊ ኣበርክቶ ንዝወፈየለይ
መምህር ኣስረስ ተሰማ (ደራሲ)
ብልቢ ኣመስግን ።

ይስሓቕ የሴፍ

# መ እ ተ ዊ

ገለ ዕስራ ኣቢሎም ዝኾኑ ሓደስቲ ተመሃሮ ፡ ኣብ ቅድሚ ሓደ ሂላ ዚመስል ቤት ተሰሪዖም ነበሩ ። መምህሮም ድማ በብሓደ ናብቲ ኽፍሊ ኣእተዎም ። መናብር ስለ ዘይነበረ ኸኣ ኣብ ምድሪ ኣሳፈሖም ተቐመጡ ። ሰሌዳ ኾነ ኰሪሽ ኣይነበረን ። ስለዚ ፡ እቶም ተመሃሮ ፡ ኣብቲ ሓመድ ናይቲ ምድሪ-ቤት ብኣጻብዖም እናሓንጠጡ ፡ “ ትኹል ሕንጻጽ ፡ ጋድም ሕንጻጽ ” እናበሉ ነተን ቀንዲ ዝኾና መባእታ-ጽሕፈት ይላመድወን ነበሩ ። ከምዚ'ላ እታ ኣብ ሓሊብ መንተል እትርከብ ቤት ትምህርቲ ቅድሚ ኣርብዓ ዓመት ዕዮኣ ጀመረት ።

እዛ ቤት ትምህርቲ እዚኣ ንኣብነት ደኣ ተጠቒሳ እምበር ፡ ዳርጋ ኹለን እተን ኣብ ዓድታትን ቍሸታትን ኤርትራ ዚኽፈታ ዝነበራ ኣብያተ ትምህርቲ ካብ ባዶ እተበገሳ ነበራ ።

መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ፡ “ ዚመሃሩ ቀለውዕን ፡ ዜጽልሎም ገበላን እንተ ደኣ ረኺብካስ ምምሃር ጀምር ፡ እቲ ኻልእ ከኣ ቐስይ ኢሉ ባዕሉ ኪሰዕብ እዩ ” ዚብል እምነት ነበሮም እምበር ጽቡቕ ህንጻን ኣቕሑን ብዘይ ምርካቦምሲ ኣይዕንቀፉን ነበሩ ። እቲ ዚድለ ምጅማር ነበረ ። በዚ መሰረት እዚ ኸኣ እዩ ስም መምህር ይስሃቅን ልደት ትምህርትን ኣብ ሃገርና ከም ማናቱ ኾይኖም ዚዝከሩ ።

ኣቶ ይስሃቅ ዮሴፍ ነዛ “ ዛንታ ህይወት መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ” ዘርእስታ መጽሓፎም እንሆ ኣበርኪቶምልና ኣለዉ ። ርግጽ'ዩ ፡ እዛ መጽሓፍ'ዚኣ ንእሽቶ እያ ። እቲ ትሕዝቶኣ ግና ዓቢ እዩ ። ብግሩም ዝኾነ ኣሰራርዓ ሓሳባትን ፡ ላዛ ብዘለዎ ኣበሃህላን ፡ እተጻሕፈት ስለ ዝኾነት ከተንብባ ምስ ጀመርካ ኣይትግደፍን እያ ።

ኣቶ ይስሃቅ ዮሴፍ በሊሕ ምዝካር ዘለዎም ፣ መዛግብን ጽሑፋትን ዘይረኸቡ ክነሶም ፣ ሓደ-ኽልተ ሰባት ብምውካስን ፣ ገለ ቑሩብ ጋዜጣታት ብምግንጻልን ፣ ነቲ ቕድሚ ሰላሳን ሓሙሽተን ዓመት ባዕሎም ዝረአይዎ ብምዝካርን ፣ እንሆ እቲ ሓቂ ዝኾነ ቕርጺ ናይ መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ኣቕሪቦምልና ኣለዉ ።

ኣብቲ ብ ፲፱-፳፫ የካቲት ፲፱፻፸፭ ዓ· ም· ( ፲፱-፳ የካቲት ፲፱፻፹፫ ዓ· ም· ፈ· ) ብዩኒቨርሲቲ ኣስመራ እተዳለወ “ ካልኣይ ብሔራዊ ዘተ ቛንቋ ትግርኛ ” ኣቶ ይስሃቅ ዮሴፍ ብዛዕባ'ዚ ዛንታ እዚ ኣንቢቦምልና ነበሩ ። ካብቶም ኣብቲ ዘተ ተኻፊልና ዝነበርና ድማ ብዛንታ እዞም ዓቢይ መምህር እዚኣም ተመሲጥና ፣ ብትሕትናኣም ከኣ ተገሪምና ፣ ንኣቶ ይስሃቅ ዮሴፍ ፣ ነቲ ጽሑፎም ኣስፊሖም ኬዳልውዎ እሞ ከም መጽሓፍ ድማ ኬሕትምዎ ደጋጊምና ተላቢናዮም ። እንሆ ድማ ፍሉይ ተውህቦ ከም ዘለዎም ፣ ንምምርማር ድማ ህርኩት ከም ዝኾኑ ፣ በዛ መጽሓፎም ገይሮም ኣርእዮምና ኣለዉ ።

ዓቢ ዚበሃል ሰብ ፣ ብዝና ወለዶኡ ኣይኮነን ዚዓቢ ። ፍረ ጻዕሩን ተፈጥሮኡን እዩ ዜዕብዮ ፣ ወይ ድማ ዜንእሶ ። እንሓንሳእ ግና ፣ ሳሕቲ ደኣ ኾይኑ እምበር ፣ እቲ ኻብ ወለድኻ ዝረኸብካዮ ዋርሳን ፣ እቲ ባዕልኻ ዘጥረኻዮ ልቦናን እውን ይራኸብ እዩ ። እዚ ኸኣ ኣብ መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ክንርእዮ ንኽእል ኢና ።

ኣቦኦም ንመምህር ይስሃቅ ፣ ቀሺ ተወልደመድህን ወዲ ቐሺ ገብረመድህን እዮም ። ኣብ ሃገር ስዊድን ተማሂሮም ብ ፲፰፻፷፯ ዓ· ም· ፈ· ምስ ተመልሱ ፣ ኣብ ሕርጊጎን ኣብ ገለብን ይምህሩ ነበሩ ። ንምፍላጥ ቋንቋታት ዓቢ ተውህቦ ስለ ዝነበሮም ድማ ግእዝ ፣ ትግርኛ ፣ ትግረ ፣ ኣምሓርኛ ፣ ዓረብ ፣ እብራይስጢ ፣ ጥልያን ፣ ስዊድን ኣጽርዮም ዚፈልጡ ፣ እንግሊዝ ፣ ጀርመን ፣ ግሪኽ ፣ ላቲን ከኣ ኣንቢቦም ዚርድኡ ነበሩ ።

ካብቶም ንመጽሓፍ ቅዱስ ናብ ትግረን ናብ ትግርኛን ዝተርጐሙ ድማ ሓደ ንሶም ነበሩ ። ሃለቃ ታየ ገብረ ማርያም መተዓይይቶም ፡ ብላቴንጌታ ኅሩይ ወልደስ ላሴ ድማ መማኸርቶም ከም ዝነበሩ'ውን ድብቱር መረድኢ አሎ ።

ቀሺ ገብረመድህን ተስፋይን ፡ ሓምም ቀሺ ሓይ ለኣብ ተስፋይን ፣ ኣቦሓጎታቶም ንመምህር ይስሃቅ እዮም ። ካብ ዘበን ሃጸይ ቴዎድሮስ ጀሚሮም ከኣ ብት ምህርቶምን ፡ ብምንቕቓሕ ሃይማኖትን ኣብ ሓማሴን እተፈልጡ ሊቃውንቲ ነበሩ ። ኤረ ቐሺ ሓይለኣብሲ እኳ ኣብ ዓዲ ቜንጺ ብ ፲፰፻፸፮ ዓ· ም· ፈ· ምእንቲ እምነቶም ብኢድ ሓደ ግቡዝ እተሰየፉ እዮም ።

ስለዚ ፣ "ጥዋፍ ንሰብ ተድርር ፣ ንርእሳ ትሓ ርር" ከም ዚበሃል ፡ ሽመትን ናእዳን ከይደሌኻ ምግ ሊጋል ፡ ብኽእለትካን ብልቦናኻን ከይተነየትካ ምን ባር ፣ ዓቢ ምኽንካ ከይፈለጥካ ድማ ሙማት ፡ ንርእሱ ዕቤት እዩ እሞ ፣ መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን እውን ናይ ኣቦታቶም ሓድጊ ዝወረሱ ምኺኖም ዛንታ ህይወቶም የረድኣና ።

ነዚ ኹሉ ኣስተንቲኖም ፡ ኣቶ ይስሃቅ ዮሴፍ ፣ በቲ ልዙብ ትግርኛኦምን ፣ በቲ ረቂቕ ምስትብሃሎምን ገይሮም እተደላደለ ዛንታ ህይወት መምህር ይስሃቅ ንነበብቲ ደቂ ዓዶም ኣቕሪቦምሎም ኣለዉ ። በዚ ዕዮኦም'ዚ ናእዳን ሞሳን ዚግብኦም እዮ'ሞ እንቋዕ ኣሞገስኩም ንብሎም ኣሎና ።

ነቶም ነዚ መጽሓፍ'ዚ ከም ዚጸሓፍ ኣደፋፊሮም ከም ዚሕተም ከኣ ዝገበሩ ፡ ዶቶር ኤጽዮ ቶኒኒ ፡ ዲረ ክተር ናይቲ ኣብ ኣስመራ ዘሎ « ሰንተር ኦፍ ኢትዮ ፕያን ስታዲዝ » ( መካነ ምርምር ስለ ፍልጠት ኢት ዮጵያ ) ፡ ከነመስግኖም ዝግብኣና እዩ ።

ትኳቦ ኣረስዕ



መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ብጊዜ ብጽሕነቶም ከምዚ
ኣብ ላዕሊ ዘሎ ስእሊ ይመስሉ ነበሩ

# መ ብ ር ሂ

ነዚ መጽሓፍ'ዚ ንምጽሓፍ እተበገስኩሉ ምኽንያት፥ ናይ ኣሥመራ ዩኒቨርሲቲ ክፍሊ መካነ ምርምር ቀርኒ ኣፍሪቃ ብ፲፪ የካቲትን ፲፫ የካቲትን ፲፱፻፷፭ ዓ·ም· (ብ፲፱/፳ የካቲት ፲፱፻፸፫ ዓ·ም·ፈ·) ካልኣይ ክፍሊ ብሑራዊ ዘተ ቋንቋ ትግርኛ ኣብ ዝፈጸመሉ ጊዜ፥ ናይ ሓደ ብዛንታ ዚዝከር ወዲ ሃገር ዛንታ ህይወት ኣሰናዲኤ ከቕርብ ስለ እተደልየ፥ ብወገነይ ብናይ ኣበጋግሳ ህይወቶምን፥ ዚፈጸምዎ ብዛንታ ዚዝከር ፍጻሜታትን ተገንዚበ፥ ኣነ ካብ ዝፈልጦም ደቂ ሃገረይ፥ ብቑዕ ኮይኖም ዝረኸብኩዎም መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ገብረመድህን ብምንባሮም፥ ንዓኦም ብምምራጸይ ኢዩ።

ኣብ'ቲ እተገብረ ዘተ ቋንቋ ትግርኛ «ዛንታ ህይወት መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን» ዚብል ኣርእስቲ ሒዘ ንምቕራብ ሓያሎ መጻሕፍትን ጽሑፋትን መጽሔታትን ጋዜጣታትን ኣብ ርእሲ ምንባበይሲ ኣብቲ ቃልሲ ገስጋስ ምስፍሕፋሕ ትምህርትን ኣብያተ ትምህርትን ኣብ ሃገርና እተኻፈሉ ዓበይትን ምሁራትን እናተወከስኩ፥ ዝእሰርኩዎን ዘዋህለልኩዎን ፍጻሜታት ክምዝግብ ስለ ዝኸኣልኩ፥ ነቲ ብተመክሮ ዘጽናዕኩዎን ዝኣመንኩሉን ተግባራት ብምዝካር፥ ሓቅን መሠረታውን ዛንታኦም ንምርካብ ክበቕዕ ምኽኣለይ ክገልጽ ከሎኹ፥ ኣብቲ ዝገበርኩዎ ዛንታ ሓዘል ምእባር፥ ካብ'ቶም ቀዳሞትን ውሑዳትን ተቓለስቲ ገስጋስ ትምህርቲ ዝነበሩ መምህራን ዚበዝሑ ዝርዝር ስሞም ብምሉኡ ረኺበ ክብቕዕ፥ ውሑዳት ግን ስም ኣቦኦም ብዓቕመይ መጠን ክረክብ ብዘይምኽኣለይ፥ ብስሞም ጥራይ ጠቒሰዮም ኣሎኹ። ዝኾነ ኮይኑ ግን ቼናውያን "ካብ ሽሕ ቃላ

ት ሓንቲ ስእሊ ትበልጽ" ኢሎም ከም ዚምስልዎ ልዕሊ ኵሉ ምስክር ዝኾነ ስእሊ ኣቕርብ ስለ ዘሎኹ፣ ዚግደሱሉም ሰባት ወይ ከኣ ካልኦት ዛንታ ዚእስሩ ምሁራንን ተመሃሮን በቲ ቐረቡ ዘሎ ስእሊ ምልላዮም ከም ዚኽእሉ ብኣኽብሮት እሕብር።

ኣሥመራ፣ ፱ የካቲት ፲፱፻፹፯ ዓ· ም·

ይስሓቅ ዮሴፍ

# መ ቅ ድ ም

ነዚ “ ይስሃቅ ተወልደመድህን --- ዛንታ ሓደ ምሁር ወዲ ሃገር ” እተባህለ አርእስቲ ዝሃብኩዎ ጽሑፍ'ዚ ንምድላው --- ምስ ብዙሓት ብጊዜ ምምሕዳር እንግሊዝ ኣብ ኤርትራ ዝነበሩ ዓበይትን ምሁራትን ካህናትን እናተራኸብኩ፣ ጠሊቐ ኣብ ርእሲ ምውካሰይስ፣ ንርእሰይ ከም መጠን መምህር ኣብ ትሕቲ ምምሕዳር መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ንሓያሎ ዓመታት ዝሠራሕኩን፣ ካብ ንእስነተይ አትሒዘ ከኣ ከም መጠን ዓቢይን ምሁርን ዓዲ ዝፈለጥኩዎምን ዝሰዓብኩዎምን ብምኧነይ፣ ንዝነበረንን ንዝረኸብኩዎን ስእላዊን ሓበሬታዊን መብርሀታት እንኖዚብ ምድካመይ ግሉጽ ኪኸውን ከሎ፣ ኣብ ርእሲኡ እውን፣

፩- “ብርሃን ይኹን፣ ስብከት፣ ዛንታ፣ ምዕዶ፣ ንህዝቢ ኢትዮጵያ” ብ ፲፱፻፲፪ ዓ· ም· ፈ· እተሓትመ።

፪- ሩራል ሪኮንስትራክሽን ኢን አክሽን --- አታክ ዘ ፕሮብለም ኦፍ ኢሊተራሲ --- ኤሪትሪያ (Rural Reconstruction in Action : Attack the Problem of Illiteracy) ብ ፲፱፻፵፫ ዓ· ም· ፈ· ብዶክቶር ኤች ቢ አለን እተሓትመ።

፫- ኤሪትሪያ፣ ኤ ኮሎኒ ኢን ትረንዚሽን (Eritrea : A Colony in Transition : 1941 - 52) ብ ፲፱፻፷ ዓ· ም· ፈ· ብጂ· ኬይ· ኤን ትራቫስኪስ እተሓትመ።

፬- ላይፍ ኢን ኤ ብሪቲሽ ኦኩፓይድ ተሪቶሪ ስኩልስ ፎር ኤሪትሪያንስ (Life in a British Occupied Territory) እተባህለ ብመልክዕ መጽሔት እተዳለወ።

፭- ጋዜጣ ሕብረት ብ ፴ ነሓሰ ፲፱፻፵ ዓ· ም· ኢ· እተሓትመ።

፮- መልእኽቲ ሰላም ( ጋዜጣ ) መስከረም ፲፱፻፷፩ ዓ· ም· ኢ· እተሓትመ ፣

እተባህሉ መጻሕፍቲ ፣ መጽሔታት ፣ ጋዜጣታት ምንባ በይ ኣቐዲመ እገልጽ ።

ኣብ ርእሲ እዚ ኹሉ ፤

፯- መምህር ኣሰፍሃ ካሕሳይ ( ሎሚ ቀኛዝማች ) ናይ መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ብቐረባ መሣርሕቲ ዝነበሩን ንርእሶም ከኣ ኣብ ኣገልግሎት ክፍሊ ትምህርቲ ሃገርና ዘይርሳዕ ኣስተዋጽኦ ዘበርከቱ ፤

፰- ቀሺ ዮሴፍ የማነኣብ ---- ሓደ ካብ'ቶም ቀዳሞት መምህራን ኣብ ኤርትራ ፣

፱- ግራዝማች መንግስቱ ይስሃቅ ተወልደመድህን ፣ እነባብራ እምነ መሠረት ትምህርቲን ----- ኣመሳ ራርታ ክፍሊ ትምህርትን ኣብ ኤርትራ ምስ ዛንታ ህይወት መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ብምውህሃድ ስለ ዘዘንተውለይን ስለ ዝሓገዙንን ዝዓበየ ምስ ጋናይ ይብጽሓዮም እብል ።

ይስሓቅ ዮሴፍ

# ዛንታ ሓደ ምሁር ወዲ ሃገር ይስሃቅ ተወልደመድህን ኣብ እዋን ንእስነቶም

ካብ ብዙሕ ዓመታት ጀሚሩ፣ ኣብ እዛ ኤርትራ እትባሃለት ክፍሊ ሃገርና፣ እናተማሓለሰ፣ ይቕላቐል ብዝነበረ ባዕዳዊ ኃይልታት፣ በብእዋኑ ይወርድ ንዝነበረ ጥቕዓታት፣ ህዝቢ ሃገርና ብሙሉእ ሥምረት፣ ቀራጽ ሃገራዊ ሠልፍታት እናገበረ፣ ይከላኸል ከም ዝነበረ ታሪኽ ዚምስክሮ ኪኸውን ከሎ፣ ብፍላይ ግን ንመሪሕነት እተዓደሉ ዓበይቲ ዓዲ፣ ንወተሃደራዊነት እተመልመሉ ዓቀይቶት፣ ንመምህርነት እተመርጹ ምሁራን፣ በብዝተወሰነሎም ሓላፍነታዊ ሓደራ፣ በብእተዓደሎም ውልቃዊ ሞያ፣ ሃገራዊ ኣገልግሎቶም ዘበርከቱ ጀጋኑ ደቂ ሃገርን ኣፍቀርቲ ሃገሮምን ብዙሓት ከም ዝነበሩ እተፈልጠ ስለ ዝኾነ፣ እዚ ከምዚ ዝበለ ዘሓብን ተግባራት ውልቀ ሰባት ከኣ ብጽሑፍ እናተመዝገበ፣ ተጠርኒፉ፣ ታሪኻዊ መሪሕነት ንኪውሃብ፣ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ኪመሓላለፍ ዚግባእ ብምዃኑ፣ እንሆ ሓጺር ዛንታ ህይወት ሓደ ምሁር መፍቀር ሃገሩ ብቋንቋ ትግርኛ ኤቕርብ።

እምበኣር እዚ ዘቕርቦ ዘሎኹ ዛንታ ናይ መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን እትባሃሉ ምሁር ኢዩ። መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ወዲ ቀሺ ተወልደመድህን ቀሺ ፫ ገብረመድህን፣ በዓል ሽማንጉሥ ታሕታይ፣ ኣውራጃ ሓማሴን፣ ኪኾኑ ኸለዉ፣ ብኣዲኦም ከኣ ወዲ ወይዘሮ ኣመተ፣ ጓል ቀሺ ዘርኣጽዮን፣ በዓል ገረሚ፣ ኣውራጃ ሓማሴን ኢዮም። እተወለዱሉ ዘመን ከኣ ብ፳፰ ነሓሰ ፲፰፻፺፱ ዓ-ም-ፈ- ነበረ።

መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን፡ ኣቦኡም ቀሺ ተወልደመድህን ቀሺ ገብረመድህን ኮነ ኣባሓጎኡም (ብኣደ) ቀሺ ዘርኣጽዮን መጽሓፍ ቅዱስ ዝመራመሩ ሊቃውንቲ ካህናት ስለ ዝነበሩ፡ መንፈሳውን ሥጋውን ትምህርቲ፣ ካብ ገዝኦም ጀሚሩ እናተዋህቦም ኪዓብዩ ዕድል ዝረኸቡ ወዲ ሃገር ነበሩ።

ብፍላይ ኣቦኡም ቀሺ ተወልደመድህን ቀሺ ገብረ መድህን ክሳዕ ናብ ሃገር ሽወደን ብምኻድ እተማህሩ፡ ብእዋኑ ኣብ ሃገርና ኒበጽሑ ብዝኽኣሉ ምሁር ወጻእ ተኛ ብናእዳ ታሪኽ ሕይወት መጽሓፍ እተጸሕፈሎም ፈላጥን ዓቢ መምህር ናይ መጽሓፍ ቅዱስን ኣብ ልዕሊ ምንባሮም፣ ምስ ደጊያት ኃይሉ ተወልደመድህን በዓል ጸዓዘጋ ብጽኑዕ እምነት ተኣሳሲሮም ኣብ ሃገራዊ ኣገል ግሎት ብጽሒቶም ዝወፈዩ ስለ ዝነበሩ፣ እዚ ክምዚ ዝበለ ትዕድልቲ ነቶም ክም መጠን ቀልዓ ትኩር ዝነ በሩ መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ዓቢ ዕድልን ትምህርታዊ ደገፍን ኮኖም።

ኣጋጣሚ ኮይኑ መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ቀልዓ ኣብ ዝነበሩሉ ጊዜ፡ ባዕዳዊ ግዝኣት ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ እትዩ ደልዲሉ፣ ዕርድታት ዓሪዱ፡ ትም ህርቲ ንደቂ ሃገር ከይወሃብን፡ ኣብ መንጎ ደቂ ሃገር ክእ ከየስፋሕፍሕን ክልኪሉ ስለ ዝነበረ፣ መምህር ይስ ሃቅ ተወልደመድህን ኣብ ገለብን ኣሥመራን ጥራይ ተሠሪሑን ኣገልግሎተን የበርክታ ኣብ ዝነበራ ናይ ሽወደናዊት ወንጌላዊት ሚስዮን ኣብያተ ትምህርቲ ብም እታው መባእታዊ ትምህርቶም ፈጸሙ።

ብድሕሪ’ዚ ድማ ናብ ሃገር ኢጣልያን ናብ ሊባ ኖስ ከተማ በይሩትን ኣብ ዝርከብ ናይ ኣመሪካ ዩኒበር ሲቲን ከይዶም ክብ ዝበለ ትምህርቲ ንምቕሳም በቕዑ።

መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ካብ ወጻኢ ሃገር ናብ ዓዶም ማለት ናብ ኤርትራ ምስ ተመለሱ ክእ

ንዓኣም ብቑዕ ዝኾነ ሥራሕ ኪረኽቡ ኣይከኣሉን ። ስለዚ ኸኣ እተን ኣብ ኤርትራ ተኸፊተን ዝነበራ ክሳዕ ራብዓይ ክፍሊ ጥራይ ኪምህራ እተፈቕደለን ኣብያተ ትምህርቲ ሽዱሽተ ጥራይ ምንባረን ተገንዘቡ እሞ ብዘይ መጠን ሓዘኑ ።

# ትምህርትን ምምህርናን ኣብ ኤርትራ

እተን ንደቀባት ኬስተምህራ ተባሂለን መዓጹኤን ክፊተን ዝነበራ፡ ውሑዳት ኣብያተ ትምህርቲ እውን እንተኾና፡ ብሃይማኖታዊ መልክዕ እተጎልበበ ፕሮፓጋንዳ ጥራይ ዘይኮነስ ንሃገር ኢጣልያን ንሥራዊት ውግእ ኢጣልያን ምምሕዳር ኢጣልያን ዘመስግንን ዘሞግስን መዝሙራት እናደባለቓ፡ ሀልው ታሪኽ ኢጣልያን ጀግንነት ኢጣልያውያንን ኬረድኣ ብዝኽእላ ጸዓዱ ደናግል ይካየዳን ይምርሓን ስለ ዝነበራ፡ ዘበርክትኦ ትምህርታዊ ምህርቲ ክሳዕ ክንድኡ ዘናፉቕሕን ኣእምሮ ክኣ ዘብልሕን ብዘይ ምንባሩ፡ እዚ ነቶም ምሁራትን ዓበይትን ለባማትን ደቂ ሃገር ቃንዛ ኮኖም።

ዝኾነ ኾይኑ ግን መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ኣብ እተን ክም ቆልዓ መጠን መባእታዊ ትምህርቲ እናተመገቡ ዝዓበዩለን ክልተ ናይ ሽወደናዊት ቤተ ክርስቲያን ኣብያተ ትምህርቲ፡ ማለት ኣብ ኣሥመራን ገለብን፡ ከም መጠን መምህር ተመዝጊቡም ንኣስታት ዕስራ ዓመታት ዝኣክል ብምምሃር ሃገራዊ ግቡኦም ኣበርኪቱ።

ብጀካ እተን ንደቀባት ተኸፊተን ዝነበራ ሓድሓደ ናይ ሚስዮን ኣብያተ ትምህርቲ፡ ዕስራን ሓሙሽተን ዝኾና ንደቂ ኤውሮጳ፡ ማለት ንጻዓዱ፡ ዚምህራ ኣብያተ ትምህርቲ እውን ነበራ።

ጂ- ኬይ- ኤን- ትራቫስኪስ ኣብ'ቲ "ኤሪትረያ ኤ ኮሎኒ ኢን ትራንዚሽን" እተባህለ መጽሓፉ፡ ብዘመን ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ ዝነበረ ኣገባብ ትምህርቲ

ኪጠቕስ ከሎ፡ “ሓደ ብጊዜ ግዝኣት ፋሽስቲ ኣብ ኤርትራ ናይ ክፍሊ ትምህርቲ ዲረክተር ዝነበረ ኢጣልያዊ ኪጽሕፍ ከሎ፡ ‘ሓደ ኤርትራዊ ኣብ መወዳእታ ራብዓይ ዓመቱ ጽቡቕ ቋንቋ ኢጣልያ ኣጽኒዑ ተዛሪቡ ዝኽእል፤ ኣርባዕተ ተግባራት ቍጽሪ ብእተወሰነ ዝውቱር ምጣኔ ኪፈልጥ፡ ዝነቕሖ ናይ ሃይጅን ፕሮፓጋንዳ ዚዝርግሕ፡ ኣብ ርእሲ ምኳኑ፡ ናይ እቶም ንኢጣልያ ዓባይ ዝገበርዋ ኢጣልያውያን ስም ጥራይ ኪፈልጥ ይግብእ’ ኢሉ ጸሓፈ” ይብል።

ስለዚ ኩሉ እቲ በቲ ዘመን ግዝኣት እቲ ዝድለ ዝነበረ፤ ፋሽስታዊ ፕሮፓጋንዳን፡ ንሓይሊ ሠራዊት ውግእ ኢጣልያ ከኣ ዘባራትዕ ነፍሕታትን ደኣ እምበር ግቡእ ትምህርቲ ስለ ዘይነበረ፤ እተን ኣዝየን ውሑዳት ግላውያን ኣብያተ ትምህርቲ ዘበርክታኦ ዝነበራ ኣገባብ ኣመሃህራ ብምምሕዳር ኢጣልያ ተጸሊኡ ተኾነኑ።

ኣብ ኤርትራ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ፋሽስታዊ ኃይሊ ኢጣልያ ኣብ ሊብያ፤ ኣብ ሶማልያ፤ ኣብ ኣልባንያ፤ ኣብ እታ ተሪፋ ዝነበረት ናጻ ኢትዮጵያ ተዘርጊሑ፤ ደንፊዑ ነበረ እም፤ ኣብ ዓለም ምሉእ ንኢጣልያ ዚኽእል ሠራዊት ውግእ ወይ ከኣ መንግሥታዊ ኃይሊ ዘሎ መሲሉ ይርኤ ኣይነበረን። ብፍላይ ኣብ ኤርትራ እቲ ዚንበብን ዚዝርጋሕን ዝነበረ ጋዜጣ ኾነ መጽሔት ብምሉኡ ኃይሊ ሠራዊት ውግእ ፋሽስቲ ኢጣልያ ዚሕብርን ዘሞግስን ጥራይ ብምንባሩ፤ ነቶም ሰብ ኣስሓኮ ሃገራውያን ከይተረፈ እውን ተስፋኦም ኣዕሪቡ ከምሃሩ ዝወድኤ ዓሀረ ኣቕሂሙዎም ነበረ።

ከምዚ ኢሉ ኢጣልያዊ ሠራዊት ውግእ ምስ ደንፍዓ፤ ኩለን እተን ኣብ ኤርትራ ተኸፊተን ዝነበራ ናይ ሽወደናዊት ወንጌላዊት ሚስዮን ኣብያተ ትምህርቲ ብምሉኤን ብ ፲፱፻፴፪ ዓ· ም· ፈ· ከም ዝዕጸዋ ገበረ። ስለዚ ከኣ መምህር ይስሃቕ ተወልደመድህን

ካብቲ ዝፈትውዎ ሥራሕ ምምህርና ስለ እተገለሉ፡ ኣብ ምራራ ወረዶም ሓደ ምጥን ዝበለ ድኳንን፡ ሓደ ናይ ሕርሻ መሬትን ኣማዕቢሎም፡ ከም ብሓድሽ ካልእ ዓይነት ህይወት ወይ ከአ ኣነባብራ ጀመሩ።

## ቃልሲ ምጥፋእ ድንቍርና

ምምሕዳር ፋሽስታዊ ኢጣልያ ብዝፈጠሮ ወይ ከአ ብዝወልዶ ዘይኮነስ፡ ጊዜ ብዝወለዶ ዓለማዊ ዘይ ምውህሃድን ምትህልላኽን ወታሃደራዊ ውድድርን ዝአክል መንግሥታት ዓለም ኣብ ክልተ ሻራ ተፈልዋም ይፈኻኸሩ ነበሩ እም፡ በዚ ከምዚ ዝበለ ቅርሕ ንታት ዓለማዊ ውግእ ተወልዔ። ምድረ ሰማይ ከይጽ ልምት፡ ህዝቢ ዓለም ከይሃልቕ፡ ዓለም ንርእሳ ብዘመ ናዊ ኣጽዋር ውግእ ተደምሲሳ ከይትጠፍእ ስግኣት ኮነ። እንተኾነ ግን ልዕሊ ኩሉ እቲ ኣብ መንግ መን ግሥታት ዓለም ተፈጢሩ ዝነበረ ቅርሕንታት፡ ንኢ ሂን ምሂን ዝዕድም ኣይነበረን እሞ በብዘሎኻዮ ተዓ ጠቕ ተሸብሸብ ኮነ። ዓለም ብመላእ ንውግእ ተቐረ በት።

ፋሽስታዊ መንግሥቲ ኢጣልያ እውን ብወገኑ ኣብ ሃገርናን ኣብ ምብራቕ ኣፍሪቃን ኣብ ሰሜን ኣፍ ሪቃን ኣብ ግሪኽን ኣብ ኣልባኒያን ኣብ ከባቢ ማእከ ላይ ባሕርን ኣብ ሃገሩን ብዝነበሮ ኃይሊ ሠራዊት ው ግእ ተመኪሑ፡ ምስ ጀርመንን ጃፓንን ተሻሪኹ ንው ግእ ይዳሎ ነበረ። በዚ ምኽንያት'ዚ ከአ ብ፲፱፻፴፱ ዓ-ም-ፈ- ንኹለን እተን ኣብ ኤርትራ ተኸፊተን ዝነ በራ ውሑዳት ኣብያተ ትምህርቲ ፈጺሙ ኣዕጸወን።

በዚ እተጠቕሰ ዓመት እቲ ንምሉእ ዓለም ኣብ ድብልቕልቕን ጥሜትን ሞትን ኣጥሒሉ ሚልዮናት

ሰባት ዘጥፍኤ ካልኣይ ውግእ ዓለም ተወሊዑ ስለ ዝነበረ፣ ፋሽስታዊ መንግሥቲ ኢጣልያ ምስ እቶም ሻራኡ ዝኾኑ መንግሥታት ሓቢሩ ከተት ኣወጀ ። ብፍላይ ኣብ ኤርትራ ከኣ ብ ፲፱፻፵፩ ዓ· ም· ፈ· ብሠራዊት ውግእ እንግሊዝ ተወቒዑ ተሳዕረ ። ኣብ ኤርትራ ዝነበሮ ፋሽስታዊ ግዝኣት ከኣ ብዚ ተወድኤ ።

ከምዚ ኢሉ ምምሕዳር ፋሽስታዊ መንግሥቲ ኢጣልያ ኣብ ኤርትራ ምስ ተፈጸመ፣ በቲ ብኻልእ እዋናዊ ዓወት እናተጓናጸፈ ንቅድሚት ዝሰጉም ዝነበረ ሠራዊት ውግእ እንግሊዝ ተተክኤ ። ምምሕዳር ግዝኣት ኤርትራ ድማ ካብ ምምሕዳር ፋሽስታዊ መንግሥቲ ኢጣልያ ናብ ወተሃደራዊ ምምሕዳር እንግሊዝ ተመሓላለፈ ።

እቲ ሓድሽ ወታሃደራዊ እንግሊዛዊ ምምሕዳር ምድሪ ረጊጹ ጠጠው ምስ በለ ብኡንብኡን ንህዝቢ ኤርትራ ዚኾኑ ኣብያተ ትምህርቲ ንምዝርጋሕ ተበገሰ ። እዚ ተበግሶ እዚ ኣዝዩ ዚምስገን ተበግሶ ነበረ ። ስለዚ ከኣ ብመጀር ኤች· ኤፍ· ክንስቶን ስኔል ዚምራሕ ናይ ኤርትራ ወታሃደራዊ እንግሊዛዊ ምምሕዳር ክፍሊ ትምህርቲ ብዚብል ስም ሓደ ክፍሊ ትምህርቲ ብወርሒ ነሓሰ ፲፱፻፵፪ ዓ· ም· ፈ· መሥረተ ።

እንተኾነ ግን ኣብ ኤርትራ ንምምህርና እተዳለዉ መምህራን ኮነ ንመምሃሪ ዚኾኑ ብቋንቋ ሃገር እተጻሕፉ መጻሕፍቲ ፈጺሞም ስለ ዘይነበሩ፣ እዚ ንመጀር ክንስቶን ስኔል ዓቢ ጸገም ኮኖም ።

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮ ኣብ ኤርትራ እተውርዔ ኣመራርሓ ዝነበሮም፣ ንህዝቢ ተባሂሎም እተመደቡ ኣብያተ ትምህርቲ ብፍጹም ኣይነበሩን ። ብቋንቋ ሃገር እተጻሕፉ መጻሕፍቲ፣ ንኣብያተ ትምህርቲ ዚኾኑ ጽሑፋት እውን ጌና ኣይተተለሙን ነበሩ ። ካብ ኵሉ ዝገደደ ድማ ንምምህርና ብቑዓት ኢዮም ተባሂሎ ኪምስከረሎም ዚኽእሉ ምሁራት ደቂ ሃገር ንምርካብ ኣዝዩ ኣሸጋሪ ነበረ ።

ስለዚ ኣብ መላእ ሃገር ኣብያተ ትምህርቲ ኣህኒ
ጽካን ሃኒጽካን ፡ መምህራን ቀሪብካን ፡ ዜንበቡ መጻሕ
ፍቲ ኣዳሊኻን ፡ መደብ ትምህርቲ ሠሪዕካን ፡ ትምህ
ርቲ ንምጅማር ፡ ከምኡ እውን ሰብ ጽቡቕ ፍቓድ ዝ
ኾኑ ፈላጣትን ፡ በላሕትን ፡ ሀርኩታትን ፡ ኣፍቀርቲ
ሃገሮምን ዝኾኑ ምሁራን ደቂ ሃገር ኣኪብካ ፡ ኣብ'ዚ
ትምህርታዊ ሓዋርያነት ንምውፋር ከመይ ዝበለ ኣዝዩ
ከቢድ ተልእኮ ነበረ ።

ኣብ ላዕሊ ከም እተመልከትናዮ ፡ ብግዜ ፋሽስ
ታዊ ግዝኣት ኢጣልያ ፡ ብዘይካ እተን ኣዘየን ውሑዳ
ትሲ ፡ ንህዝቢ ተባሂለን እተሃንጻ መንግሥታውያን
ኣብያተ ትምህርቲ ፈጺመን ኣይነበራን ። እቲ በተን
ኣዝየን ውሑዳት ኣብያተ ትምህርቲ ዚወሃብ ዝነበረ
ትምህርቲ እውን ፡ ካብ ራብዓይ ክፍሊ ዘይሓልፍ መባ
እታዊ ኣዝዩ ለበጣ ዝበለ ነበረ ። ኣብ ኣጋ መወዳእታ
ናይ ፲፱፻፴፰ ዓ· ም· ፈ· ግን ሓንቲ ናይ መፈተንታ
(ሞዴል) ክሳዕ ሓምሻይ ክፍሊ ክትምህር እትኽእል
ቤት ትምህርቲ ተፈቒዳ ከም ዝነበረት ይግለጽ ።

እቲ ኣብ ኤርትራ እተመሥረተ እንግሊዛዊ ወታሃ
ደራዊ ሓድሽ ምምሕዳር ፡ ንመጀመሪያ ሸሞንተ ደቂ
ሃገር ሕጹያት መምህራን ረኺቡ ኣኪቡ ። ሸሞንቲኦም
ብናይ ገዛእ ርእሶም ጻዕርን ተመክሮን ዝቐመስዎን ዘን
በብምን ፍልጠት ዝበሰሉ እኳ እንተ ነበሩ ንምምህ
ርና ግን ዘይተዳለዉን ዘይተማህሩን ነበሩ ። ኣብ መንጎ
እዞም ሸሞንተ ሕጹያት መምህራን ከኣ መምህር ይስ
ሃቅ ተወልደመድህን ተመዝገቡ ።

መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ኣዝዮም ክኢላ ፡
ንሃገሮም ክንልግሉ ከኣ ዓቢ ድሌትን ሃንቀውታን ዝነ
በሮምን ብፍቕሪ ሃገሮም ከኣ እተመሰጡን በሊሕ ወዲ
ሃገር ነበሩ ። ኣብ'ቲ ብ ፲፱፻፵፫ ዓ· ም· ፈ· እተገበረ
ናይ ክልተ ሰሙን ናይ ምድላው ምምህርና ትምህርቲ ፡
መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ኣዝዩ መሪሕ ዝኾነ

ተሳትፎ ከም ዘበርከቱ እውን እተፈለጠ ኣብ ርእሲ ምኽኑ ፥ ብብዙሓት ካብ'ቶም ሽዑ ኣባላት ኮይኖም ብመጽናዕቲ ዚጋደሉ ዝነበሩ ብጾቶም ብምስጋና ኪም ስከረሎም ይስማዕ እሎ ።

ኣብዚ ናይ ሓጺር እዋን ትምህርቲ'ዚ እቶም ሕጹ ያት መምህራን ብዛዕባ ቍጽሪ ፣ ጀኦግራፍ ፣ ዛንታ ፣ ኣስተዋጽኦ ፍልጠት ወዘተ ... እናተዛተዩ ፣ ብ ፍላይ ከኣ ብዛዕባ ቋንቋ ትግርኛ ንባብን ጽሒፈትን ተኻራኺሮም ብምጽናዕ ናይ መበገሲኦም « ሥሩዕ ቋን ቋ ትግርኛ » ብምውሳን ተሰማምዑ ።

ከምኡ እውን ኣብ ቅድሚ ተመሃሮኦም ብኸመይ ዝበለ መልክዕ ኪቐርቡ ከም ዝነበሮምን ከም ዝግብእ ምን ዝሕብር ኣገባብ ኣመሃህራ ሓንጺጾም ብምዝታይ ተሰማምዑ ።



ኣብ'ዚ ስእሊ'ዚ እቶም ብመጀመርያ እዋን እምነ መሠ ረት ትምህርቲ ንምንባር ተመሪጾም እተዋፈሩ ፲፱ መም ህራን ይርአዩ ።

እዞም ብቆራጽነትን ሃገራዊ ፍቕርን እተበገሱ መምህራን እዚኣቶም ፣ በቲ መምህር ይስሃቅ ተወልደ መድህንን መጀር ክነስቶን ስኔልን ዘበርከቱሎም ዝነበሩ ምዕዛብን ምብጻሕን ምሕባርን እናተደገፉ ዚክኦሎም ዅሉ ብምሉእ ድሌትን ቅኑዕ ሒሊናን እናጸዓሩ ብዓወታት ጀመርዎ ።

መምህር ማለት መሃርን ንርእሱ ክኣ ተመሃርን ማለት ድኣ እምበር ልዕሊ ኵሉ ፣ ንኵሉ ፍልጠታት መሊኹ ብፍልጠትን ትምህርትን ዝዓገበ ማለት ከም ዘይኮነ ተረዲኦም ክኣ ለይትን መዓልትን ገዛእ ርእሶም ንምምሃር ምስ መጻሕፍቲ እናተዛረቡ ፣ ዝሓለፉ ጽሑፋት እናመርመሩን እናተሳለዩን ብሓቂ ዚንእድ ተጋደሎ ፈጸሙ ።

እቲ ናይ መጀመርያ ዓመት ምስ ተዛዘመ ፣ ዓመታዊ ክረምታዊ ዕረፍቲ እውን ምስ ተፈቕደ ፣ ኵሎም እቶም ድንቁርና ንምጥፋእ ተዋፊሮም ዝነበሩ ቀዳሞት መምህራን ኣብ ከተማ ኣሥመራ ተኣከቡ ። በዚ እዋን ዕረፍቲ'ዚ ክኣ መሠረታዊ ፍልጠት ኣመሃህራን ፣ ምምሕያሽ ሓፈሻዊ ፍልጠቶምን ኪሕብሮም ዚኽእል ትምህርትን ኣስተምህሮታትን እናተዋህቦም ከሎ ፣ ንተመሃሮን ህዝብን ዘነቓቕሑ ፣ ብፍላይ ክኣ ንተመሃሮ ዚምስጡ መዝሙራትን ፣ ጠቓሚ ሕርሻን ፣ ምውስዋስ ኣካላትን ፣ ሥርዓት እተኸተሉ ጸወታትን ተገሊጹሎም ተማሂሮም ኣጽንዑ ።

እቶም ብመጀመርያ እምነ መሠረት ትምህርቲ ንምንባር ተመሪጾም እተዋፈሩ መምህራን እዞም ዚስዕቡ ነበሩ ። ( ኣብ ገጽ ፳፩ ዘሎ ፎቶ ተመልከት ) ፤

፩- መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን
፪- » ኣስፍሃ ካሕሣይ
፫- » ቀሺ ኣርኣያ ብርሃነ
፬ » ሣህለ ዓንደሚካኤል
፭- » መሓመድ - - - - -
፮- » ገብረንጉሥ ሰለባ

፯- » ቀሺ ዓምደሚካኤል ወልደመንቆርዮስ
፰- » ሚካኤል ሃብተእግዚእ
፱- » ምስግና ይስሓቅ ተወልደመድህን
፲- » ኤፍሬም ኣማኑኤል
፲፩- » ኃይለ ዑቕባጽዮን
፲፪- » ሰዓረ ካሕሣይ
፲፫- » ታፈረ ተስፋሥላሴ
፲፬- » ምሕረትኣብ ገብረመድህን
፲፭- » ገብረኢየሱስ - - - - - -
፲፮- » ተኸለማርያም ቶዠሩራይ
፲፯- » እስጢፋኖስ ጋይም
፲፰- » ዮሴፍ ሰሎሞን
፲፱- » ሰሎሞን ሃብተሚካኤል
፳- » ዮሓንስ ፍጡር
፳፩- » ሳሙኤል ማና
፳፪- » ገብረመድህን ሕድሩ
፳፫- » ኣብርሃ ገብረሥላሴ
፳፬- » ኣብርሃ ሰጊድ
፳፭- » ተስፋይ መዘንግዕ
፳፮- » በርሄ ምስጉን
፳፯- » ተኸለብርሃን ዑቕቡ
፳፰- » ብርሃነ ማዕሎ
፳፱- » ኃይለሚካኤል - - - - - - ..
፴- » ዑቕባሚካኤል ተስፋ
፴፩- » ዑቕባሚካኤል - - - - - -
፴፪- » ስሞም ዘይፈለጥኩዎም ብሃይማኖቶም ኣስላማይ ነበሩ ።

## ሓድሽ ልደት ቋንቋ ትግርኛ

እቶም ነቲ ሓድሽ ተመሥሪቱ ዝነበረ እግሪ ተኸሊ ዝኾነ ክፍሊ ትምህርቲ ኬማሓድሩን ኪመርሑን ሓላፍነት ተሸኪሞም ዝነበሩ መጀር ክነስቶን [illegible]

እተባህሉ ቅኑዕን ትጉሆን እንግሊዛዊ ብመምህር ይስ ሃቅ ተወልደመድህን እናተሰነዩ ኣብ መላእ ኤርትራ እናገሹ ንምምህርና ዝበቕዑ ምሁራት ደቂ ሃገር የና ድዩ ነበሩ እሞ ብመጠኑ ሓያሎይ ሰባት እኻኽቡ ። በብቐሩብ ከአ ካልኦት ሰብ ድሌትን ምሁራትን መም ህራን እጠራቕሙ ። ሥሩዕ ዘይኮነ ናይ ምድላው ምም ህር ትምህርቲ እውን በዚ እዋን'ዚ ተጀመረ ።

ትምህርታዊ ፍሬ ናይ'ቶም ብወርሒ ጥሪ ፲፱፻፵፫ ዓ· ፃ · ፈ· እተዋፈሩ መምህራን ብምዕዛብ ከአ ብዙ ሓት ካልኣት ጌና ቤት ትምህርቲ ርእየን ዘይፈልጣ ዓድታት ፡ ኣብ ዓዓደን ኣብያተ ትምህርቲ ኪኽፍቱለን ሓተታ ። ስለ'ዚ ከአ ብኡን ብኡን ፳፰ ኣብያተ ትም ህርቲ ተኸፍታ ። ፶፰ መምህራን ከአ ተዘርግሑ ። ኣብ መላእ ኤርትራ ድማ ንመጀመርያ እዋን ፪ ሽሕን ፬፻ ተመሃሮ ተመዝገቡ ።



— ኣብዚ ስእሊ'ዚ እቶም ብ ፲፱፻፵፬ ዓ· ም· ፈ· ንም ምህርና ተዳልዮም እተዋፈሩን እቶም ቅድሚኦም

ሓደ ዓመት ዘገልገሉን ፣ ንክፍሊ ትምህርቲ ኬማ ሓድሩ ተመዲቦም ዝነበሩ ናይ ትምህርቲ ሰበ ሥልጣንን ይርአዩ ።

ኣብ መንጎኦም ከአ መጀር ክንስቶን ስኔል ፣ መም ሀር ይስሓቅ ተወልደመድህን ፡ መምህር ኣሰፍሃ ካሕሣይ ፣ ሸኽ ዑስማንን ይርከቡ ።

---

እንተኾነ ግን ብቋንቋ ትግርኛ እተዳለዉን እተጸ ሕፉን መጻሕፍቲ ወይ ከአ ንመምሃሪ ዝኾኑ ጽሑፋት ፈጺሞም አይነበሩን እሞ እዚ እቲ ዝዓበየ ጸገም ኮነ ። ኣብ ርእሲኡ ድማ መደብ ትምህርቲ ጌና ዘይተሠርዔ ስለ ዝነበረ ፡ እዚ ነቶም ንውሑዳት ሰሙናት ጥራይ ኣገባብ ኣመሃህራ እተሓበሩ ምሩጻት ሰባት ከቢድ ሸ ኸም ኮኖም ።

ስለዚ ኣመሃህራኦም ሓደ ዓይነት ምእንቲ ኪኸ ውን ሊይትን መዓልትን ፣ ብዘይ ዕረፍቲ እናጸዓሩን እና ተመሃሩን እናተመያየጡን ንንባብ ዚኾኑ ጽሑፋት ንም ድላው ይጋደሉ ነበሩ ።

ከላዕ እቲ ዚድለ ንመምሃሪ ዚኸውን መጻሕፍቲ እናተዳለወ ተሓቲሙ ዚዝርጋሕ ፣ ተመሃሮ ነቲ ኣብ « ናይ ኤርትራ ሰሙናዊ ጋዜጣ » ተባሂሉ ዚጽዋዕ ፣ ኣብ ሰሙን ሓደ ጊዜ እናተሓተመ ዚወጽእ ዝነበረ ጋዜጣ ትግርኛ ፣ ብዅሎም ኢንስፐክተራትን ፣ ርእሰ መምህራንን ፡ መምህራንን ካልኦት ምሁራንን በብስ ሞም እናተዳለወ ዚወጽእ ዝነበረ ዛንታታት እናኣንበቡ ቋንቋዊ ፍልጠቶም ክም ዜማዕብሉ ተገብረ ። እዚ ም ህዞ'ዚ ክልተ ዓይነት ጥቕሚ ነበሮ ። እቲ ሓደ ቋንቋ ትግርኛ ንምምሃር ኪኸውን ከሎ ፣ እቲ ካልኣይ ድማ ነቶም ተመሃሮን መምህራንን ካልኦት ወለድን ምስ ጋዜጣ እናኣላለየ ፡ ፍቕሪ ጋዜጣ ኣብ ህዝቢ ክም ዚሰ ርጽ ንምግባር ዚሕግዝ ነበረ ።

ብዙሓት ካብ'ዞም ኣብ ላዕሊ ተገሊጹ ዘሎ ዝር
ዝር ተጠቒሶም ዘለዉ ቀዳሞት መምህራን ፡ ከም ሽምዓ
ንኻልኦት እናኣብርሁ ፡ ማለት ብርሃን እናዓደሉ ፡ ንር
እሶም ግን ልክዕ ከም ሽምዓ እናሓቐቑ ኣብ ኣገልግሎት
ምምህርና ጥራይ ተዋፊሮም ብቕንዕናን ትግሃትን ድሌ
ትን ፍልጠት ናብ ኣእምሮ ሰብ እናዘርኡ ዓለማዊ ሕይ
ወቶም ዝፈጸሙ ኪህልዉ ከለዉ ፡ ካልኦት ከኣ ናይ
ሥራሕ ዘመኖም ኣብቂዑ ፡ ብዕረፍቲ ( ጡረታ ) ክሳዕ
ዚግለሉ ኣገልግሎቶም ኣበርኪቶም ኢዮም ።

እቶም ዝተረፉ ካልኦት ድማ ባዕዳዊ ኣገዛዝእ
ተወጊዱ ፡ ብሃገራዊ ህዝባዊ ናይ ናጽነት ሥልጣን ምስ
ተተክኤ ፡ ካብ ሥራሕ ምምህርና ናብ ሥራሕ ምም
ሕዳር ተመሓላሊፎም ሃገራዊ ግቡኦም ንኪፍጽሙ ዕድ
ል ረኺቦም ስለ እተመርጹ ፡ በዚ ሓላፍነት'ዚ ካብ
ደረጃ ናብ ደረጃ ክብ እናበሉ ፡ ኣብ ዝለዓለ ሥልጣን
ኪበጽሑ ክኢሎም ኢዮም ።

## ንመምሃሪ ዚኾኑ መጻሕፍቲ ትግርኛ

ድሕሪ ብዙሕ ድኻምን ጻዕርን ብሓደ ምሁር ወዲ
ሃገር እተዳለወ ንእስ ዝበለ ንመምሃሪ ዚኸውን መጽ
ሓፍ ትግርኛ ንመጀመሪያ ጊዜ ተረኽበ እሞ እቲ ዝነ
በረ ጸገም ኣመሃህራ ብመጠኑ ተፋኹሰ ።

ከምኡ እውን መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን
ነቲ ኣብቲ « ናይ ኤርትራ ሰሙናዊ ጋዜጣ » ተባሂሉ
ዚጽዋዕ ዝነበረ ኣብ ሰሙን ሓንሳእ ዚወጽእ ዝነበረ
ጋዜጣ ፡ ብበበይኖም መምህራንን ምሁራንን ዚወጽእ
ዝነበረ ዛንታታትን ዝናታታትን ያታታትን ቁውም
ነገር ዝሓዘለ ጽውጽዋያትን ኣብ ሓደ ጠርኒፎም ፡ ብ
ዙሕ ካልእ ናይ ገዛእ ርእሶም ድርሰታትን ፈጠራታትን

ሓዊሶም ሓደ « ሓጺር መጽሓፍ ንባብ ብትግርኛ እርብዓን ኣርባዕተን ገጽ » ዝብል ኣርእስቲ ዝሓዘ መጽሓፍ ኣሕቲሞም ኣበርኪቱ። እዚ መጽሓፍ'ዚ እቲ ንመጀመርያ እዋን ንመምሃሪ ኪኸውን ተባሂሉ እተቐረበ ክነሱ፡ ክሳዕ ለሚ በዚ ዓይነት ተበግሶ'ዚ ብጽዕሪ ተጻልዩ ተሓቲሙ ዝወጽኤ ዚወዳደሮ መጽሓፍ ዘይረኸበ ብምዃኑ፡ ናይ'ቶም ዓሚቑ ትሕዝቶ ዝነበሮ ጽሑፋት ደረሰም፡ ናይ ካልኦት ምሁራት በበይኑ ፈጠራታትን ድርሰታትን ኣብ ሓደ ጠርኒፎም ብብዙሕ ጻዕርን ድኻምን ዘሕተምዎ ምሁር መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ዕብየትን ልዕናን ዓሚቑ ፍልጠትን ምስክር ኮይኑ ተሪፉ ኣሎ።

ኣብ መላእ ሃገር ካብ ዘለዋ ዓድታት መመሊሰን ንክፍሊ ትምህርቲን ንወረዳውን እውራጃውን ምምሕዳራት እናሓተታ ኣብያተ ትምህርቲ ኪኸፍታለን ለመና። በዚ ከኣ እቲ እዋናዊ ዝነበረ እንግሊዛዊ ምምሕዳር፡ ቡቲ ናይ'ቲ ህዝቢ ናፍቖት ትምህርቲ ተገሪሙን ተሓጕሱን።

ክሳዕ ኑቶም ሰበኽ-ሳግም ዝኾኑ ክፍሊ ህዝቢ ሃገር ብይተረፈ ኣብያተ ትምህርቲ ብኸመይ ዝበለ መልክዕ ኪበጽሖም ከም ዚኽእል መጽናዕቲ ተጌሩ መደብ ተዳለወ።

ኣብ ርእሲ'ዚ ኸኣ ኣብ መጀመርያ ወርሒ ሓምለ ፲፱፻፵፬ ዓ· ም· ፈ· ኩሉን ኣብያተ ትምህርቲ ብናይ ገዛእ ርእሰን ሃገራዊ ቋንቋ ምምሃር ምእንቲ ኪኽእላ፡ ብፍላይ ከኣ እቲ ትግርኛ ዚዛረብ ክፍሊ ህዝቢ ብምሉእ ዚሰዕቦ ሓደ ዓይነት ትግርኛ ኪሥራዕ ከም ዘድሊ ብምግንዛብ፡ ኵሎም ዓበይቲ ዓድን ፈላጣትን ምሁራትን ቤተ ክህነትን መንከሳትን መምህራንን ዘለዉዎ ንበይቲ ዋዕላታት ከም ዚግበር ተገብረ።

ኣብቲ ዋዕላታት ፊደላት ትግርኛ ስለ ዝበዝሑ ይጉደሉ ዚብል ክርክር ተላዒሉ ብዙሕ ኣከራኺሩን ኣካቲዑን ኬብቅዕ፣ ኣብ መወዳእታ ግን ብፍላይ ናይ ግዕዝ ምሁራትን ቤተ ክህነትን ካልኦት ዓበይትን ምሁራትን ኩሎም ፊደላትና ነናቶም ትርጉም ዘለዎም ስለ ዝኾኑ ኪጐድሉ ኣይከኣልን ኢዩ ብማለት ስለ ዘረድኡ፣ ንእዋኑ ፊደላትና ከም ዘለውዎ ኪቕጽሉ ሰምምዕ ተገብረ ።

ሀ፡ ሐ፣ ኀ፣ አ፤ ዐ፣ ግን ራብዕ ድምጾም ገዲፎም ግዕዛዊ ድምጾም ኪሕዙ ተወሰነ ። ንመረድኢ፣ እቲ በርሄ ተባሂሉ ዚጽሓፍ ዝነበረ፣ በርሀ፣ እቲ ተኪኤ ተባሂሉ ዚጽሓፍ ዝነበረ ከኣ ተኪእ ኮይኑ ከም ዚእረም ተገብረ ።

ኩሎም እቶም በብእዋኖም ብዘገርም ፍጥነት እና ተሓተሙ ዚቕልቀሉ ዝነበሩ ንመምሃሪ ዚኾኑ መጻሕፍቲ ተግርኛን እቲ « ናይ ኤርትራ ሰሙናዊ ጋዜጣ » ተባሂሉ ዚጽዋዕ ዝነበረ ጋዜጣን ካልኦት ጽሑፋትን ከኣ በዚ መልክዕ'ዚ እናተጻሕፉ ተዳለዉ ።

ምስ እዚ ተታሓሒዙ ከኣ ኣዝዩን ብዙሓት እኳ እንተዘይኾና ብመጠኑ ብርኩታት ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ዓድታትን ቁሸታትን ከተማታትን ብጽቡቕ ድሌት ህዝቢ ይህነጻ ነበራ ። እተን ብጭቃን፣ ብብጫዕ ዘይኮነ እንጣብን ተሃኒጸን ዝነበራ ኣብያተ ትምህርቲ እውን ከም ዚዕረያን ዚመሓየሻን ተገብረ ።

ንመረድኢ፣ ብ ፲፱፻፵፱ ዓ- ም- ፈ- ካብ'ተን ኣብ መላእ ኤርትራ ተኸፊተን ዝነበራ ፶፬ ኣብያተ ትምህርቲ ፣ ብጽቡቕ ፍቓድ ህዝበንን፣ ብትእዛዝ ክፍሊ ትምህርቲን ተዓርየን፣ ብግቡእ፡ መልክዕ ቤት ትምህርቲ ፣ ከም ዚህልወን ተገብረ ።

እቶም ምሩጻት መምህራን ብቕኑዕ ኣመራርሓ መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህንን ሓገዝቶምን፡ ንኣጻሕሓፋ ትግርኛ ዚሕግዙ ብምድግጋም ከኣ ዚጸሓፉ ነጥብታት ብበምዚ ዚስዕብ ከም ዚዝውተሩ ገበሩ ።

፩ - እቲ ኣብ ድሕሪ ነፍሲ ወከፍ ቃል ዚጸሓፍ ዝነበረ ክልተ ነጥቢ ( ፡ ) ኪተርፍ ፤

፪ - እቲ ድርብ ሠረዝ ( ፤ ) ዚብሃል ዝነበረ ተሪፉ ብንጸላ ሠረዝ ጥራይ ኪትካእ ፤

፫ - ኣብ ክንዲ ነጸላ ሠረዝ ክኣ ክልተ ነጥቢ ( ፥ ) ኪዝውተር ፤

፬ - ኣብ ክንዲ እቲ ናይ ላቲን ምልክት ሕቶ (?) ሰለስተ ነጥቢ ማለት ( ፧ ) ኪዝውተር ፤

፭ - ናይ ኣጋንኖ ምልክት ( ! ) ኪኸውን ፤

፮ - ናይ ምሉእ ሓሳብ መዕጸዊ ክኣ ኣርባዕተ ነጥቢ ማለት ( ። ) ኪኸውን ተሰማምዑን ወሰኑን ። ብዘይካ'ዚ እውን ፥

፩ - ቃል ፥

፪ - ሙሉእ ሓሳብ ( ንዓረፍተ ነገር )

፫ - ቴማ ( ንሓጺር ድርሰት ወይ ክኣ ምህዞ )

፬ - ንኣብነት ወይ ክኣ መረድኢ ዚብሃሉ ቃላት ክኣ ( ንምሳሌ )

ወዘተ - - - - - ዝኣመሰሉ ቃላት ልሙዳትን ብተደጋጋሚ ክኣ ዚጸሓፉን ሰለ ዝኾኑ በዚ መልክዕ'ዚ ኪዝውተሩ ተወሲኑ ኬብቅዕ ፥ ኣብ ክንዲ ተመለስ ዚብሃል ክኣ ኣብ ሓድሽ መስመር ጸሓፍ ክም ዚብሃል ገበሩ ።

ኣብ ኣተኣራርማን ፥ ናይ መንፍዓትን ሰንፍናን ትምህርቲ ዚሕብር ነጥቢ ኣወሃህባን ድማ

ሀ - <u>ንኣወሃህባ ወይ ክኣ ኣጸዋውዓ ኣርእሰቲ ፥</u>

፩- ጽቡቕ ጽሒፈት ( ጽባቒ ጽሒፈት )

፪- እተባህለ

፫- መሳመዲ

፬- እተቐድሐ ወይ ክኣ ቅዳሕ

፭- ምእራም ጌጋ

፮- እሩም

ለ - ንኣወሃህባ ነጥቢ ክኣ ፥

፭- ጌና ፡ ፈጺሙ ምምሕያሽ ንዘየርኢየ

፮- ደሓን ፡ ካብ ፭ ነጥቢ ንታሕቲ ንዝረኸበ

፯- ጽቡቕ ፡ ካባዕ ፯ ነጥቢ ንዝረኸበ

፰- ንኡድ ፡ ካባዕ ፲ ነጥቢ ንዝረኸበ

እተባህሉ ቃላት ኪኾኑ ተመሪጾም አብ ግብሪ ከም ዚውዕሉ ተገብረ ።

አብ ርእሲ እዚ ኩሉ ኸአ ንትምህርቲ ምውስዋስ ኣካላትን ካልእ ዓይነት ጸወታን ዚዝውተሩ ቢብዓይነ ቶም ሓደስትን ዝውቱራትን ቃላት መሪጾም ኬጽንዑ ከለዉ ብፍላይ ግን ንምውስዋስ ኣካላተን ታዕሊምን ዚኾኑ እዞም አብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለዉ ምሕጻሩ ቃላት ፈጠሩ ። <u>እቲ ዘገርም ፡ ነዞም ቃላት እዚኣቶም ዝመሃዞምን ዝፈጠሮምን ክፍሊ ህዝቢ ከይተፈልጠ ፡ ታሪኾም ከይተጻሕፈ ፡ ብህዝቢ ተለሚዶም አብ ግብሪ ውዒሎም ምርኣይ ኢዩ ።</u>

| | |
|---|---|
| አብ ክንዲ ንቕድሚት ኪድ | ሚት ኪድ |
| አብ ክንዲ ንድሕሪት ተመለስ | ራት ለስ |
| አብ ክንዲ ንየማን ዙር | ማን ዙር |
| አብ ክንዲ ንጺጋም ዙር | ጋም ዙር |
| አብ ክንዲ ንጸጋም ርኤ | ጋም ፊት |
| አብ ክንዲ ንየማን ርኤ | ማን ፊት |
| አብ ክንዲ ኢድ ንላዕሊ ኣብል | ኢድ ሰፍ |
| አብ ክንዲ ኢድ በጥ ኣብል | ኢድ በጥ |
| አብ ክንዲ አእዳውካ አውርድ | ኢድ ለጥ |

ወዘተረፈ ዝአመሰሉ ቃላት ፈጢሮም ኪውስኑን ኬጽን ዑን ከለዉ ፡ ብዝከኣል መጠን ኩሉ ተመሃራይን መም ህርን ፈሊጡ ከም ዘጽንዖም ስለ እተገብረ ከም ሃገራ ውያን ልሙዳት ቃላት ኮይኖም ክሳዕ ዚፍለጡ ኮነ ።

አብ ርእሲ'ዚ እውን

ዕረፍቲ

ሰጥ በል

ሰጕሚ አመልክት

ጉያ ኣመልክት
ሓደ ( ሓደ ስጉሚ ኣበርቲዕካ ውቃዕ )
ክልተ ( ክልተ ስጉሚ ኣበርቲዕካ ውቃዕ )
ወዘተረፈ - - - ዝኣመሰሉ ቃላት ትግርኛ ተፈጥሩ ።

ብዚ ኹምዚ ዝበለ ምኽንያታት ከኣ መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ኩነ እቶም ቅኑዓትን ትጉሃትን ሓገዝቶም ፡ ከምኡ እውን እቶም ከም ሓዋርያት ዚም ስሉ መምህራን ተሞጊሶን ተሓጕሶን ። ብህዝቢ ሃገሮም ከኣ ተመረቑ ።

ብፍላይ መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ፣ ህዝቢ ሃገሮም ካብ ጸልማት ድንቁርና ናጻ ወጺኡ ብትምህርቲ በሲሉ ፡ መሬት ሃገሩ ኬልምዕ ፡ ኣብ ልዕሊ ባሕሪ ሃገሩ ኪሰፍፍ ፡ ኣብ ሰማይ ዓዱ ኪነፍር ፡ ብጥበብን ፍልጠትን ዓምቢቡ ኪሥልጥን ፡ ብሃብቲ ኪቐስን ፡ ብጥዕና ኪድልድል ፡ ብልቢ ይምነዩን ሃረር ከኣ ይብሉን ነበሩ እሞ ፡ እቶም ብቐረባ ዝፈልጥዎም ሰባት ኪምስክሩሎም ከለዉ ፡ “ ኣብ መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ዝነበረ ሃገራዊ ፍቕሪ ዓቐን የብሉን ” ይብሉ ።

መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ነቲ ንመጀመርያ ጊዜ ብ፲፱፻፵፫ ዓ- ም- ፈ- ብመልክዕ መጽሓፍ ተሓቲሙ ፡ ንቋንቋ ትግርኛ መምሃሪ ኪኸውን ተመሪጹ ናብ ግብሪ ዝወዓለ « ሓጺር መጽሓፍ ንባብ ብትግርኛ » እትባሀለ መጽሓፎም መቕድም ኪጽሕፉሉ ከለዉ ፡

“ እዚ መጽሓፍ ንባብ’ዚ ፣ ንተመሃሮ ዜሐጕስ ፡ ከም ዓቕሚ ኣእምሮኦም ኬስተውዕልዎ ብዚኽእሉ ኣጸሓሕፋ ኢዩ ተጸሒፉ ዘሎ ። ኣብኡ ንሳቶም ሓጺር ጽውጽዋይ ፣ ዛንታታት ፡ መዝሙር ፡ ምስላታት ፣ ካልእ ነገር’ውን ኬንብቡ ኢዮም ። ስለ’ዚ መምህራን ኣብ’ቲ ዛንታታት ንተመሃሮኦም ጥቕምን ትምህርትን ኣለዎ እሞ መታን ፈተውቲ ምህሮ ፣ ዓየይትን ንሱሓትን ኪኾኑ ኬነቓቕሕዎም ተስፋ እናገበርኩ ንመዓላ ይግበሮ ኢለ እምርቐ ኣሎኹ ” ይብሉ ።

እዚ ማለቶም ከኣ በቲ ሓደ ወገን ህዝቢ ሃገርም ብምሉኡ ጥቕሚ ትምህርቲ ፈሊጡ ኪምሃርን ኪፊልጥን ብልቢ ጸሎትን ምርቓን ከም ዘየቋርጹ ብምግላጽ ስምዒታዊ ትምኒቶም ንምርዳእ ኪኽውን ከሎ፣ በቲ ካልኣይ ወገን ከኣ ህዝቢ እናተማህረን እናፈለጠን ምስ ከደ ካብ'ዚ ናቶም እተማሓየሸ ካልእ መጽሓፍ ትግርኛ ከም ዚጽሕፍ ዝርኣዮም ዝነበረ ትምኒታዊ ብሩህ ተስፋ ንምግላጽ ነበረ።

## ቀዳማይ መጽሓፍ ቍጽሪ ብቋንቋ ትግርኛ

መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ኣብ ፲፱፻፵፩ ዓ·ም·ፈ· « መባእታ ቁጽሪ ብትግርኛ » ብዚብል ኣርእስቲ ኣሕቲሞም ዘውጽእዎ መእተዊ ኪጽሕፉሉ ከለዉ “ እዚ መባእታ ቁጽሪ'ዚ መምህር ንተመሃሮኡ ካብ ቀዳማይ ክፍሊ ክሳዕ ራብዓይ ክፍሊ ቁጽሪ ኪምህር ከሎ ሓጋዚኡ እዩ። ስለ'ዚ መምህር በዚ መጽሓፍ'ዚ እናተሓገዘን፣ ከም ፍልጠቱ ድማ ካብ ርእሱ እናወሰኸን ኣጽርዩ ትምህርቲ ቁጽሪ ንተመሃሮኡ ኪገልጸሎም በዓል ምሉእ ተስፋ እየ ” ዚብል ናይ ወላዲ ለበዋ ከም ዝጀመርዎ፣ እዚ መጽሓፍ'ዚ ብትግሃትን ድሌትን ክምሁ ብዘይብል ቅራጽነትን በቶም ቀዳሞት መምህራን ንመጀመርያ እዋን ኣብ ተግባር ውዒሉ ንህዝቢ ሃገር ምስ ትምህርቲ ቁጽሪ ዘላለየ ኪኽውን ከኣለ።

መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ብዙሕ ሓደስትን ነባራትን ቃላት እናፈጠሩ ምስ ትምህርቲ ቁጽሪ ከም ዚሰማምዑ ንምግባር ተጋዲሎምን ደኺሞምን እዮም። ንመረድኢ፣

ኣብ ክንዲ ሜተር ሜ- ዚብል ምሕጻረ-ቃል
ኣብ ክንዲ ግራም ግ- ዚብል ምሕጻረ-ቃል
ኣብ ክንዲ ሊተር ሊ- ዚብል ምሕጻረ-ቃል

ወዘተረፈ - - - - - ኪፈጥሩ ከለዉ፣ እዚ ዚስዕብ ኣገባብ ኣጻሓሕፋ እውን ፈጢሮም እዮም።

| | |
|---|---|
| ዕሽሪት ሜተር | ዕ· ሜ· |
| ሚእታዊት ሜተር | ሚት/ሜ· |
| ሽሓዊት ሜተር | ሽት/ሜ· |
| ዓሰርተ ሜተር | ዓ· ሜ· |
| ሚእቲ ሜተር | ሚ· ሜ· |
| ሽሕ ሜተር | ሽ· ሜ· |
| እልፊ ሜተር | እ· ሜ· |

ከምኡ እውን ኣብ ክንዲ ፕሮግራም ፣ መደብ ኪብሃል ከም ዚግባእ በዚ መጽሓፍ'ዚን ብኣስተምህሮታትን መሃሩ ።

ንእርባዕተ ተግባራት ቁጽሪ ድማ ምድማር ፡ ምጉዳል ፡ ምርባሕ ፡ ምምቃል ፡ ዚብል ቅኑዕ ስም ኪህቡዎም ከለዉ ፣ ንዜሮ ድማ ካብ'ቲ « ባዶሽ እንቶሽ » ዚብል ባህላዊ ጸወታ ሃገርና ቃል ወሲዶም « ባዶ » በልዎ ። ሓድሓደ ካብ'ቶም ሽዑ ዝነበሩ ቀዳሞት መምህራንን ፈላጣትን ግን "የልቦን ኣብ ክንዲ ባዶ ፡ ዘየልቦ ወይ ከአ ኣልቦ እንተ ዚብሃል ይበልጽ" ብማለት ሓሳብ ኣቐሪቦም ነበሩ ። ሽሕ'ኳ እቲ ኣቐሪቦሙዎ ዝነበሩ ቃላት ቅኑዕ ኣባሃህላን ትርጉምን ዝሓዘ እንተ ነበረ ፡ በብቑሩብ እቲ ባዶ ዚብሃል ቃል ብዝ



ኣብ'ዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ስእሊ እቶም ብ ፲፱፻፷፯ ዓ· ም· ፈ· እተመረቑ ሓደስቲ መምህራንን በቲ እዋን'ቲ ኣብ መላእ ኤርትራ ዝነበሩን ይርአዩ ።

ኣብ ማእከል መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ፣ መጀር ክነስቶን ስኔል ፡ መምህር ኣስፍሃ ካሕሳይ ፡ ከምኡ እውን ሽኽ ዑስማን ፡ ይርአዩ ።

---

ያዳ እናተለምደን እናተዘውተረን ከደ እሞ ግቡእ ስሙ ባዱ ኮይኑ ተሪፉ ኣሎ ። ብዝተረፈ ግን ሓድሓደ መምህራን ብዘየልቦ ወይ ከአ ብኣልቦ ሥራሕ ጀሚሮም ምንባሮም ዚርሳዕ ኣይኮነን ።

ኣብ ርእሲ'ዚ ከአ መላመዲ ፣ ሰሌዳ ምርባሕ ፣ ግድል ፡ ኣርባሒ ፣ መቓሊ ፣ ብጽሒት ፣ ተረፍ ፣ ይኹ

ውን ፣ ጉዚ ፡ ፍርቂ ፡ ሲሶ ፣ ርብዒ ፣ ሕምሲት ፡ ስድሲት ፡ ወለድ ፡ ሕጊ ወለድ ፣ እንባብ ወለድ ፣ ቅብሊት ፡ ልቓሕ ፣ ፈኾስ ሕጊ ጉዚ ፡ ስርዓታዊ ጉዚ ፡ ዕሸራዊ ጉዚ ፣ ሕጊ ምልውዋጥ ጉዚ ፡ ሕውሰዋስ ተግባራት ፡ ፍታሕ ፡ ወዘተረፈ - - - - - ዚብሃሉ ቃላትን ፡ ነጥብታትን ፡ ሕግታትን ፡ ሕንፃታትን ፈጢሮም ኣብ'ቲ መጽሓፎም ብምብርካት ንህዝቢ ሃገሮም ብቛንቋኡ መሃርዎ ።

ብዘይካ'ዚ እውን ስፍሪ ንውሓት ወይ ከአ ስፍሪ ክብደት በብመልክዑ ስም እናሃቡ ሰርዑ ። ኣጸሓሕፋ ኦም ከአ ከምዚ ዚስዕብ ሰርዕዎ ።

| | |
|---|---|
| ዓሰርተ ግራም | ዓ· ግ· |
| ሚእቲ ግራም | ሚ· ግ· |
| ሽሕ ግራም | ሽ· ግ· |
| እልፊ ግራም | እ· ግ· |
| ሊተር ( ኣቦስንቲ ) | ሊ· |
| ዓሰርተ ሊተር | ዓ· ሊ· |
| ሚእቲ ሊተር | ሚ· ሊ· |
| ሽሕ ሊተር | ሽ· ሊ· |
| ዕስሪት ሊተር | ዕስ· ሊ· |

ሚእታዊት ሊተር — ሚት- ሊ-
ሽሓዊት ሊተር — ሽት- ሊ-

ወዘተረፈ ነበረ ። ብዘይካ'ዚ እውን ምምዕርራይ ፣ ምል ምማድ ፣ ሰፍሪ ግራት ፣ ሰፍሪ ግዝፊ ማለት ቮሊዩም ፣ ዘብሃሉ ቃላት ጀሜትሪ ኪፈጥሩ ከለዉ ፣ ብተወሳኺ ከአ ኣብ ትምህርቲ ቁጽርን ጀሜትርን ዘዝውተሩ ትኹል ሕንጻጽ ፣ ጋድም ሕንጻጽ ፣ ለዋይ ሕንጻጽ ፣ ቈናን ሕንጻጽ ፣ ሰብርባር ሕንጻጽ ፣ ማዕረማዕረ ሕንጻጽ፣

ቅኑዕ ርቡዕ ኩርናዕ ፣ በሊሕ ኩርናዕ ፣ ጕዲም ኩርናዕ ፣ ዘምባል ኩርናዕ ፣ ስሉስ ኩርናዕ ፣ ሕላሳዊ ስሉስ ኩር ናዕ ፣ ጋዞ ስሉስ ኩርናዕ ፣ ቅኑዕ ስሉስ ኩርናዕ ፣ ጕዲም ስሉስ ኩርናዕ ፣ በሊሕ ስሉስ ኩርናዕ ፣ ትርብዒት ፣ ዘምባል ርቡዕ ኩርናዕ ፣ ሮምበይደ ፣ ትራፐጽዮ ፣ ክቢ ፣ ዓንኬል ፣ ሰንጣቒት ፣ ፊቁራ ፣ ብዙሕ ጎኖ ፣ ሰፍሓት ፣ ዙርያ ፣ ኮቦሮ መሰል ፣ ኪዩብ ፣ ጨርሒ መሰል ፣ መ ገአ መሰል ፣ ኣጕዶ መሰል ፣ ዝኣመሰሉ ቃላት ብስእሊ ጌሮም እናኣረድኡ ኣበርኪቶ ።

መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን በዚ መባእታ ቁጽሪ እተባህለ መጽሓፎም ኣቢሎም ንህዝብን ተመ ሃሮን ሃገሮም ምስ ዓለምለኻዊ ትምህርቲ ቁጽሪ ከላል ይዎ ከለዉ ፣ እቲ ካብ ኣቦታትናን ኣበሓጎታትናን እና ተወራረሰ ዘምሓላለፍ ዝነበረ ሃገራዊ መስፈራትን ዓቐ ናትን ዜሕብን ምኳኑ ምእንቲ ኪፍለጥን ምእንቲ ክይ ርሳዕን ኢሎም ብኸምዚ ዝስዕብ ጽሒፎምዎ ኣለዉ ።

፩- ምዕሮ
፪- ስልስቶ ( ሲሶ ጽዋዕ )
፫ ክፋሎ ( ፍርቂ ጽዋዕ )
፬- ሰለስተ ምሰ
፭- ካዕቦ ( ኣርባዕተ ጽዋዕ )
፮- ካዕቦ ጽዋዕ ( ፭ ምሰ )
፯- ካዕቦ ምዕሮ ( ፮ ምሰ )

፰- ንፍቂ ጽዋዕ ጐደል (፯ ምስ)
፱- ንፍቂ (፰ እንቀዓ)
፲- ንፍቂ ጽዋዕ (፱ ምስ)
፲፩- ንፍቂ ምዕሮ (፲ ጽዋዕ)
፲፪- መሰለስ ጽዋዕ ጐደል (፲፪ እንቅዓ)
፲፫- መሰለስ (፲፪ ምስ)
፲፬- መሰለስን ጽዋዕን (፲፫ ምስ)
፲፭- መሰለስን ምዕሮን (፲፬ ምስ)
፲፮- ገበታ ጽዋዕ ጐደል (፲፭ ምስ)
፲፯- ገበታ (፲፮ ምስ)
፲፰- እንፍቕቲ (ክልተ ገበታ)
፲፱- ሰለስተ ገበታ
፳- ያሒት (ኣርባዕተ ገበታ)
፳፩- ያሒትን ጽዋዕን ወዘተርፈ---
፳፪- ሓሙሽተ ገበታ
፳፫- መገጻ (ሹዱሽተ ገበታ)
፳፬- ሸብዓተ ገበታ
፳፭- እንተላም (ሸሞንተ ገበታ)
፳፮- እንተላምን ጽዋዕን ወዘተረፈ---

## እቲ ቃልሲ ይቕጽል

ክምዚ ኢሉ እቲ ናይ ምስፍሕፋሕ ኣብያተ ትምሀርቲን ፣ ቃልሲ ምጥፋእ ድንቁርናን ፣ ምምልማል ብቑዓት መምህራንን እናቐጸለ እንከሎ ፡ እቶም ድሮ ኣብ ኣገልግሎት ዝነበሩ መምህራንን ፡ ርእሰ መምህራንን ፣ ቀንዲ ኢንስፐክተራትን ከኣ ምስ ካልኦት ፈላጣትን ሊቃውንትን ደቂ ሃገር እናተማኸሩ ፣ ዋዕላታት እናገበሩ ፡ እናተራዳድኡ ፣ ብጋዜጣ ጌሮም ግጥምታት መሳጢ ዓንቀጻትን ብምዝርጋሕ ንህዝቢ እናመዓዱ ቃልሶም ይቕጽሉ ነበሩ ። ብድሕሪ ብዙሕ ክርክርን ምምይያጥን ድማ ሓደ "ንዝሓለ ህዝቢ ኪጥርንፍ ይኽእል ኢዩ" እተባህለ ሥሩዕ ኣገባብ ቋንቋ ትግርኛ ተወሰነ እሞ

እዞም ኣብ ታሕቲ ብዝርዝር ተገሊጾም ዘለዉ መጻሕፍቲ ተሓቲሞም ንኣብያተ ትምህርትን ንመምህራንን ተዓደሉ ። ኣብ'ዞም ተጠቒሶም ዘለዉ መጻሕፍቲ ተዘውቲሩ ዘሎ ቛንቋ ትግርኛ ቤቲ እተወሰነ ኣገባብ እተጻሕፈ ሓደ ኣከያይዳ ዘለዎ ነበረ ።

፩ - መደብ ትምህርቲ መዘከርታ ንኤርትራውያን መምህራን ፡ ብክፍሊ ትምህርቲ ፡ ብመጀር ኤች ክነስቶን ስኔል እተዳለወ ።

፪ - ሓጺር ዛንታ ዓለም ንኣብያተ ትምህርቲ ኤርትራ፡ ብ ፲፱፻፵፪ ዓ- ም- ፈ- እተሓትመ ።

፫ - ሓጺር ንባብ ብትግርኛ ፹፬ ዛንታ ፡ ብመምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ፡ ብ ፲፱፻፵፫ ዓ- ም- ፈ- እተሓትመ ።

፬ - መጽሓፍ ጀኦግራፍ ብቛንቋ ትግርኛ ፡ ብመምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ፡ ብ ፲፱፻፵፬ ዓ- ም- ፈ- እተሓትመ ።

፭ - መባእታ ቁጽሪ ብቛንቋ ትግርኛ ፡ ብመምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ፡ ብ ፲፱፻፵፫ ዓ- ም- ፈ- እተሓትመ ።

፮ - መጽሓፍ ንባብ ኣስተዋጽኦ ፍልጠት ፡ ብመምህር ኣስፍሃ ካሕሳይ ፡ ብ፲፱፻፵፬ ዓ- ም- ፈ- እተሓተመ ።

፯ - ዛንታ ሕይወታውያን ፡ ብመምህር ኣስፍሃ ካሕሳይ ፡ ብ ፲፱፻፵፬ ዓ- ም- ፈ- እተሓተመ ።

፰ - ናይ ፊደላትና ሓዲስ ኣመሃህራን ምርመራን ፡ ብ ዶክቶር ኣባ ገብረኢየሱስ ኃይሉ ፡ ብ ፲፱፻፵፬ ዓ- ም- ፈ- እተሓተመ ።

፱ - መደብ ፬ ዓመት መባእታ ትምህርቲ ፡ ንመምህራን ብክፍሊ ትምህርቲ ፡ ብ ፲፱፻፵፮ ዓ- ም- ፈ- እተሓተመ ።

፲ - መጽሓፍ ንባብ ትግርኛ ንጀመርቲ ፣ ብወልደአብ
ወልደማርያም ።

፲፩ - ካብ ፍግረ መሬት ዚመጽእ ጉድኣት ፣ ብወልደ
ኣብ ወልደማርያም ።

፲፪ - መጽሐፍ ንባብን ኣስተዋጽኦ ፍልትጠን

## ቤት ትምህርቲ ምድላው መምህራን

ኣብቲ መጀመርያ እዋናት እቶም ንምምህርና እተ
መረጹ መንእሰያት ፣ ኣገባብ ኣመሃህራ ዚሕብር ናይ
ክልተ ሰሙን ትምህርቲ ጥራይ ኪወሃቦም ከሎ ፣ ነቶም
ብድሕሪኡ ቀጺሎም ተመሪጾም ንምምህርና እተመ
ዝገቡ መንእሰያት ግን ናይ ሰለስተ ሰሙን ትምህርቲ
ክም ዚወሃቦም ተገብረ ። ቀጺሉ እውን እቲ ዚወሃብ
ትምህርቲ ንሓደ ወርሒ ክም ዚኸውን ተመደበ ።

ኣብ ርእሲ እዚ ኩሉ ኸኣ እቶም ሓደስቲ ንምም
ሀርና እተመርጹ መንእሰያትን እቶም ቅድሚኡ ኣብ
ኣገልግሎት ዝነበሩ መምህራንን ብጊዜ ዕረፍቶም ኣኼ
ባታት እናገበሩ ይከራኸሩን ይመያየጡን ነበሩ ። በዚ
ኸኣ ትምህርታዊ ዕብየቶም ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ
ይዕምብብ ነበረ ።

እዞም ሕጹያት መምህራን ዝኾኑ መንእሰያት እዚ
ኣቶም ፣ ናይ'ቶም ኣብ ከተማ ኣሥመራ ተመዲቦም
ድሮ ኣብ ኣገልግሎት ዝነበሩ መምህራን ኣብነት ተኸ
ቲሎም ፣ ኣብ'ቲ ብሓድሓደ እንግሊዛውያን መኮንና
ትን ወታሃደራትን ዚምራሕ ዝነበረ ምሸታዊ ኣብያተ
ትምህርቲ ፣ ማለት ኢንስቲትዩትስ ፣ እናኸዱ ብምምዝ
ጋብ እናተማህሩ ንናይ ቋንቋ እንግሊዝን ቁጽርን ፍል
ጠቶም ብትግሃትን ጻዕርን ኣኻዕበትዎ ።

ኣብ ናይ ፲፱፻፵፰ ዓ·ም·ፈ· ዓመት ትምህርቲ ፲፪ መንእሰያት ክርስቲያን ፰ ከኣ መንእሰያት እስላም ንምምህርና ተመዝጊቦም « ሓጺር ትምህርቲ ምድላው ምምህርና » ይወሃቡ ነበሩ ።

ኣብ ወርሒ ጥቅምቲ ፲፱፻፵፯ ዓ·ም·ፈ· ግን ኣብዚ ሃገር'ዚ ንመጀመርያ እዋን ሓደ ስሩዕ « ቤት ትምህርቲ ምድላው መምህራን ኣሥመራ » ብዚብል ኣብ ኣሥመራ ተኸፊቱ ተመሥረተ ። ልክዕ በዚ ዓመት'ዚ መጀር ክነስቶን ስኔል ብቋንቋታት ትግርኛን እንግሊዝን ዓሪ ብን እተዳለወ ንመምህራን ኣብ ኣመሃህራ ዚሕብሮ ምን ዚሕግዞምን መጽሓፍ ኣሕቲሞም ዘርግሑ እሞ ዓቢ ሓገዝ ኮነ ። እቶም ንምምህርና ዚዳለዉ ዝነበሩ መንእሰያት መምህራን'ውን ፈቐዶ ኣብያተ ትምህርቲ እናኸዱ ምልምማድ ኣመሃህራ ኪገብሩ ኣዝዩ ባህ ይብሎም ነበረ ።

## ቤት ትምህርቲ ኣዋልድ

ኸሕ እኳ ህዝቢ ንመጀመርያ እዋን "ደቅና ናብ ቤት ትምህርቲ ከኺሻ ኣይንሰድድን ። ኣዋልድና ድማ ነጸላኡን ቀንጢጠን ወይ ከኣ ደርብየን ካብ ቤት ነይ ወጽኣን ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ካብ ልምድን ባህልን ሃገርና ዝረሓቐ ጠባይ ኣብ ዘለዎ ቤት ትምህርቲ ኸኣ ኣይንሰደንን" ብማለት ቁልጡፍ ተሳትፎ እንተ ዘየር እየ ፥ መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ካብ ቤተ ክህነት መምህራን ኮይኖም ዘገልግሉ ምሁራት እናለመኑን እናደለዩን ፡ ናብ ኣገልግሎት ምምህርና ተመዝጊቦም ኣብ'ዚ ቅኑዕ ዕላማ'ዚ ከም ዚሰለፉ ስለ ዝገበሩ ፥ ቁጽሪ ተመሃሮ ኣዋልድ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናበርከተን እናወሰኸን ኪኸይድ ከኣለ ።

ኣብቲ እዋን'ቲ ኣወዳት ጽርበት ፡ ሕርሻ ፡ ማእ ለማ ፥ ምቕጥቃጥ ሓጺን ፡ ምውስዋስ ኣካላት ፡ ጸወታ ማለት ምዝንጋዕ ፡ መዝሙር ፥ ወዘተረፈ ተማሂሮም ብ

ናቶም ጥበብ ኩርሽ ፡ ቀለም ፡ መስመር ፡ መቐመጥ ቀለም ፣ መትሓዝ ስእሊ ፣ ወዘተረፈ ኮም ዚሠርሑ ኪግበር ክሎ ፣ ኣዋልድ ከኣ ብወገኖን ምፍታል ፣ ምጥላፍ ፣ ምእላም ፣ ሰፍየት ክዳን ፣ ስፈ ፣ ምስራሕ መግቢ ወዘተረፈ ከም ዚመሃራ ስለ እተገብረ ፣ ብጥልፊ እናገበራ ብዙሕ ጽቡቕ ክዳውንቲ ዓራት (ኣንሶላ) ፣ መተርኣስ ወዘተረፈ የዳልዋ ነበራ'ሞ እዚ ኸምዚ ገበለ ኣቘሑት በብዓመቱ ነናብ ቤት ትምህርተን እናተሸጠ ዓቢ እቶት ከም ዚህብ ኮይኑ ይርከብ ነበረ ።

በዚ መሠረት'ዚ ኸኣ ኣዋልድ ናብ ቤት ትምህርቲ እናመጽኣ ኪምዝገባ ወሓዛ ። ቁጽረን ከኣ በብቑሩብ ማለት በብመጠኑ እናበርከተ ከደ ። እዚ ኣዝዩ ዘድንቕ ትምህርታዊ ዓወት ነበረ ።

ኣብ'ቲ መጀመርያ እዋናት እተን ኣዝየን ውሑዳት ዝነበራ ኣዋልድ ተመሃሮ ፡ ነጸላኡን ከየውደቓ ኣብ መንጎ ኣወዳት ተሓዊሰን ኢየን ዚመሃራ ዝነበራ ።

ዶሓር ግን ማለት ብ ፲፱፻፵፱ ዓ- ም- ፈ- ኣብ ኣሥመራ ሓደ « ቤት ትምህርቲ ኣዋልድ ኣሥመራ » ዚብሃል ተኸፍተ ። ቀጺሉ ከኣ ክልተ ኻልኢት ኣብያተ ትምህርቲ ኣዋልድ ኣብ መታሕት ብፍላይ ንተመሃሮ ኣስላም ተኸፍታ ። በዚ ከምዚ ገበለ ኣመራርሓ ድማ ክሳዕ ፲፱፻፵፫ ዓ- ም- ፈ- ፲ ደቂ ኣንስትዮ መምህራን ኣብ ምምህርና ተመዝጊበን ፣ ናብ'ዚ ቅንዕ ዕላማ'ዚ ክንልማላ ምስ ደቂ ተባዕትዮ ኣሕዋተን ተሰሊፈን ሓበራ ።

## ሽማግለታት ወለዲ ተመሃሮ

ዝኾነ ይኹን ቤት ትምህርቲ ፡ ንተመሃሮን ንኣመሃህራን ከም ዚሰማማዕ ኮይኑ ምእንቲ ኪህነጽ ፡ ከምኡ እውን ነቶም ተመሃሮን ፡ ነቲ እተቐረበ ሓድሽ ቤት ትምህርትን ፣ ዘድሊ ነገራት ንምቕራብን ፣ ዘድሊ ካልእ

ተሓእኮታት ንምፍጻምን ፣ ሓለፍቲ ኮይኖም ዘገልግሉ ፣ ኣብ ርእሲኡ እውን ሥነ ሥርዓትን ኣከያይዳን ተመሃሮ ዚዕዘቡ ፣ ካልእ ዘድሊ ነገራት ዚከታተሉን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ቤት ትምህርቲ ብህዝቢ ዚምረጹ « ሽማግሌታት ወለዲ ተመሃሮ » ኪምሥረቱ እቲ ቆይሙ ዝነበረ ክፍሊ ትምህርቲ ኣዘዘን ፈቐደን ።

ነዚ ከምዚ ዝበለ ቅኑዕ ኣመራርሓ ኪሀብ ዚኽእል ዓላማ ዝነበሮ ሓሳብ ከኣ መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ኮነ እቶም ካልኦት ኢንስፐክተራትን ርእሰ መምህራንን ብልቢ ተቐበልዎ እሞ እቲ ዝቘመ « ሽማግለ ወለዲ ተመሃሮ » ኣብ ነፍሲ ወከፍ ቤት ትምህርቲ ተመሥረቱ ጥርኑፍን እኑምን ኮይኑ ብዓቢይ ኣሳልጦ ፍሬ ዕዮታቱ ኣርኣየ ።

እቶም ሽማግለታት ወይ ከኣ ኮሚቴ ነፍሲ ወከፎም ብኣርባዕተ ወይ ከኣ ሓሙሽተ ሰባት ኣባልነት እተሰርዑ ኪኾኑ ኸለዉ ብቀዳምነት ኪዕዘብዎን ኪሠርሕዎን ዝነበሮም ሓላፍነት ከኣ ፣

ሀ - ኣሠራርዓን ኣተሃናንጻን ቤት ትምህርቲ ፣

ለ - ንመምህራን ዚኾኑ ኣባይቲ ምቕራብ ፣

ሐ - ተመሃሮ ካብ ቤት ትምህርቶም ከይፍለዩ ማለት ከየብኩሩ ምክትታል ፣ወዘተ - - - - ክም ዝነበረ ተነግሮም ።

እዚ ኸምዚ ዝኣመሰለ ኣገልግሎት ከይተዓንቀፈ ንቕድሚት ምእንቲ ኪሰጉም ድማ ንሜቃታት ዓድን ንምስሌነታትን ንእማሓደርቲ ወረዳታትን ንእማሓደርቲ ኣውራጃታትን ተሓባበርቲ ኮይኖም ኬገልግሉ ፍሉይ መንግሥታዊ ትእዛዝ ይመሓላለፈሎም ነበረ ።

በዚ ኸምዚ ዝበለ ምድፍፋእ ዝኣክል ድማ ነሎም ምስሌነታትን ናይ ኣውራጃ እማሓደርትን ዓበይቲ ዓድን

ነናብ ዓዶም ቤት ትምህርቲ ክም ዚኸፈት ንምግባር ተቐዳደሙ ። እዚ ከም'ዚ ዝበለ ጽቡቕ ተበግሶ ድማ ነቲ ትምህርታዊ ጻዕሪ ምስ ህዝቢ እናአፋለጠ ዓቢ ደገፍ ኪኸውን ከአለ ።



ኣብዚ ስእሊ'ዚ መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ፈቓዶ ዓድታት እናዞሩ ምስ ሽማግለ ወለዲ ተመሃሮን፡ ምስ ምስሌኔታትን፡ ጭቃታትን ይራኸቡ ምንባሮም ንርዳእ ። ( ኣብ ማእከል መምህር ይስሓቅ ተወልደመድህን ይርአዩ )

## በዓል ምዕጻው ቤት ትምህርቲ

ነፍሲ ወከፍ ቤት ትምህርቲ፡ በቶም ብሓቂ ንሃገራዊ ኣገልግሎት ተበጊሶም ዝነበሩ ትጉሃት መምህራንን ርእሰ መምህራንን እናተመርሐት፡ ብሽማግለታት

ወሰዲ ከአ እናተሓገዘትን እናተአልየትን ፣ ኣብ መወ ዳእታ ወርሓት ግንቦት ሰነ በዓል ምዕጻው ቤት ትም ህርቲ ፡

፩ - ብኽትርእዮ ዚመስጥ ምንቅስቓስ ( ምውስዋስ ) ኣካላት

፪ - ብኣዝዩ ጥዑም መሳጢ መዝሙራት

፫ - ብተዋስኦታት

፬ - ብናይ ግጥሚ መደረታት

፭ - ብበብዓይነቱ ፍረ ትምህርቲ ምርኢታት

እናገበረት ንክረምታዊ ዕረፍቲ ትዕጾ ነበረት ። ኣብ'ዚ በዓል ስነ ሥርዓት ምዕጻው ቤት ትምህርቲ

ሀ - ሓለፍቲ ክፍሊ ትምህርቲ

ለ - ናይ ኣውራጃን ወረዳን ኣማሓደርቲ

ሐ - ምስሌነታት ፡ ካህናት ፡ ወለዲ ፡ ከምኡ እውን ዓበይቲ ዓዲ ፡ ይዕደሙ ነበሩ እሞ እቲ በዓል ኣዝዩ ዘደንቕን ዘዳፋንቕን ኮይኑ ይርኤ ነበረ ።

ኣብ በዓል ምዕጻው ቤት ትምህርቲ ርእሰ መምህ ራን ፡ ምሩጻት ተመሃሮ ፡ ምስሌነታት ፡ ኣማሓደርቲ ፡ ዓበይቲ ዓዲ ፡ ኣዝዩ ልዙብ ዝኾነ መደረታትን ፡ ግጥም ታትን ፡ የስምዑን የበርክቱን ስለ ዝነበሩ እዚ ነቶም ተመሃሮ ኮነ ነቶም ትጉሃት መምህራን ዓቢ ፍናን ይኸ ውን ነበረ ።

ከምኡ እውን ጥቕሚ ትምህርቲ ዚምስክሩ ብተ መሃሮ እተገጥሙ ግጥምታት ብምሩጻት ተመሃሮ ኪን በቡ ከለዉ ፡ ዕልልታ ኣዴታትን ጨብጨባ ተዓዘብ ትን መቓልሕ ኪሀብ ከሎ ፡ ካብ'ዚ ዝዓቢ ሓጐስ ኣይ



አብዚ ስእሊ'ዚ መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ብ ኸመይ ዝበለ አገባብ ብልሜን ምስክር ትምህርትን ይዕ ድሉ ምንባሮም ንርዳእ ።

---

ነበረን እሞ እዚ እውን እቲ አዝዩ ብልሓት ምትብባዕ ኮነ ።

እዚ እቲ ዘይርሳዕ ዚዝከር ጦብላሕታ ቀዳሞት መምህራንን ተመሃሮን ኮይኑ ተሪፉ ከም ዘሎ ገዛእ ርእሰይ እምስክር ።

አብ መወዳእታ ድማ ነቶም ካብ ቀዳማይ ክፍሊ ክሳዕ ራብዓይ ክፍሊ ዚምሃሩ ተመሃሮ ከከም መንፍዓ ቶም ካብ ቀዳማይ ክሳዕ ሳልሳይ ብልጫ ይዕደል ። እቲ ብልጫታት ከአ መጻሕፍቲ ፡ ጥራዛት ፡ ርሳሳት ፡ መስመራት ፡ ከምኡ እውን ከምኡ ዝበለ ካልእ ንመም ሃሪ ዚጠቅም ነገራት ኮይኑ ይዕደል ነበረ ።

ብድሕሪ'ዚ ኸኣ ነቶም ንፉዓት ተመሃሮ ናይ ዓመ
ት ፍሬ ትምህርቲ ወረቐት ምስክር ኪወሃቦም ከሎ፣
ነቶም ድኹማት ተመሃሮ ከኣ ብዝመጽእ ዓመት በርቲ
ዖም ኪመሃሩ ዚሕብር ናይ ዝወደቑሉ ምስክር ፍሬ
ጻዕሪ ይወሃቦም ነበረ። መምህር ይስሃቅ ተወልደመድ
ህን ኣብ ናይ ትምህርቲ ኣገልግሎት ዘመኖም፣ ካብ
ከምዚ ዝበለ በዓል ተፈልዮም ኣይፈልጡን ነበሩ።

## ማእከላይ ቤት ትምህርቲ

ዝኾነ ይኹን መባእታዊ ቤት ትምህርቲ
ኣብ ዝኾነ ይኹን ቦታ ኪኽፈት ኪድለ ከሎ፡ መንግ
ሥቲ፣ ማለት ክፍሊ ትምህርቲ፡ መምህራን፡ ቀለም፡
ርሳስ፡ ጥራዛት፡ ወረቓቕቲ፡ ብርዒ፡ መጻሕፍቲ፡
ጠረጴዛታት፡ ሰሌዳታት፡ ስእሊ ዓለም፡ ኩርሽ፡ መዘ
ተረፈ ----- ኪቕርብ ኪግደድ ከሎ፣ እታ ቤት ትም
ህርቲ ኪኽፈተላ እትሓትት ዓዲ ወይ ከኣ ከተማ ድማ፡
ሸሕ'ኳ ብመልክዕ ወፈራ እተሠርሐ ይኹን፡ ቤት ትም
ህርቲ ኣብ ርእሲ ምቕራባ፡ መምህራን ዚነብሩሉ ገዛ
እውን ከተዳሉ ትግደድ ነበረት። እዚ መዝነት'ዚ ግን
ነተን ክሳዕ ራብዓይ ክፍሊ ጥራይ ኪምህራ እተፈቐ
ደለን ኣብያተ ትምህርቲ ጥራይ ዚምልከት ነበረ።

ኣብ ኣጋ መወዳእታ ናይ ፲፱፻፵፯ ዓ- ም- ፈ- እቶ
ም ቀዳሞት ራብዓይ ክፍሊ ዝፈጸሙ ተመሃሮ ተመሪ
ቖም ወረቐት ምስክር ፍሬ ትምህርቲ ተቐበሉ። ስለ'ዚ
ሽሕ'ኳ ተመሃሮ ራብዓይ ክፍሊ ምስ ፈጸሙ ናብ ማእ
ከላይ ቤት ትምህርቲ ብምእታው ትምህርቶም ኪቕጽ
ሉ ናይ ግድን እንተነበረ ድሮ እተዳለወ ማእከላይ ቤት
ትምህርትን፡ ብቑዓት መምህራንን ጌና ኣይነበሩን።

በዚ ኸምዚ ዝበለ ምኽንያታት ከኣ ህዝቢ ብሽማ ግሌታቱን ምስሌነታቱን መምህራንን ኣቢሉ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ኪኸፈተሉ ለመነ ። በዚ ኣርእስቲ'ዚ እውን በብዓይነቱ ዓንቀጻት እናተጻሕፈ ኣብ « ናይ ኤርትራ ሰሙናዊ ጋዜጣ » ይወጽእ ምንባሩ ይዝከር ። ከምኡ እውን ሓያሎ ካብ'ቶም ናይ'ቲ እዋን'ቲ ምሁራት ፣ ኣብ ጋዜጣ እናጻሓፉ ኣድላይነት ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ኣዝዩ ህጹጽ ከም ዝነበረ ይገልጹ ነበሩ ።

ክፍሊ ትምህርቲ ብወገኑ እውን ሓደ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ናይ ግድን ከም ዘድሊ ኣይሰሓቶን እሞ ዘድሊ ምቅርራብ ይገብር ነበረ ። እንሆ ኸኣ ነዞም ተመሃሮ እዚኣቶም ዚኸውን ሓደ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ ኣብ ቤት ጊዮርጊስ ኣሥመራ ኣብ ዛንታ እዛ ሃገር እዚኣ ንመጀመርያ እዋን ፣ ብኣዝዮም ውሑዳት ተመሃሮን መምህራንን ተኸፍተ ። ጸኒሑ እዚ ቤት ትምህርቲ'ዚ እቲ ኣዝዩ እተወረየን ቅልጡፍ ፍሬ ጻዕሪ ድማ ዘበርከተን ቤት ትምህርቲ ኮይኑ ኪምስገን ዝኸኣለ ኮነ ።

ማሃእከላይ ቤት ትምህርቲ ቤት ጊዮርጊስ ኣሥመራ፡ ብእንግሊዛውያንን ደቀባትን መምህራን ተኸፊቱ ብኣዝዩ ባህ ዘብል ድሌት ተመሃሮን መምህራንን ተዓብሊሉ ስለ ዝነበረ ፣ ኣብ ኣዝዩ ውሑድ እዋናት ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ኪበጽሕ ክኣለ ። ካብ'ዚ ቤት ትምህርቲ እዚ ተመረቑም ዝወጽኡ ፣ መምህራን ፣ ናይ ምምሕዳር ሰብ ሥልጣን ፣ መሃንድሳት ፣ ሓካይም ፣ ኮይኖም ሃገራዊ ሓላፍነት ንምስካም ዝበቑዑ ኣዝዮም ብዙሓት ኢዮም ። ናይ'ዚ ቤት ትምህርቲ'ዚ ቀዳማይ ወደባት ርእሰ መምህር ከኣ መምህር ሰሎሞን ተኽለ ኪኾኑ ተመሪጾም ነቲ ሓላፍነት ተቐበልዎ ።

# ፍሉይ ክእለት ስነ ልቦና

ሓደ እዋን ኣብ ኣሥመራ ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ
ቅድስቲ ማርያም ፡ ናይ ማእከላይ ቤት ትምህርቲ መም
ህር ተመዲበ እናሠራሕኩ ከሎኹ ፡ በቲ እዋን'ቲ ኣብ
ዚ ክፍሊ ሃገር'ዚ ዝነበረ ዝለዓለ ወደባት በዓል ሥል
ጣን ፡ ብመምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን እናተመርሑ
ነቲ ቤት ትምህርቲ እናዞረን ዘድሊ መግለጺ ክኣ እና
ተዋህቦን ይዛወር ነበረ ። በዚ ኣጋጣሚ ጊዜ'ዚ ሓደ
ኣብ ኣሥመራ እተፋለጥክዎ ምሁር ኣመሪካዊ ምሳይ
ነበረ እሞ ብዛዕባ ናይ'ዞም ክልተ ደቀባት ትምህርትን
ናይ ምምሕዳር ክእለትን ተመክሮን ዝፈልጦ ነገር
እንተ ነበረ ተወከሰኒ ።

ኣነ ድማ " ክልቲኦም ካብ ጊዜ ግዝኣት ኢጣ
ልያ ጀሚሮም ኣብ ኣሥመራ ዝነበሩ ፈላጣት ምኺኖም
እንተ ዘይኮይኑ ፡ ካልእ ብዝርዝር ዝፈልጦ ነገር የብ
ለይን " ብማለት ኣረዳእኩዎ ። እቲ ኣመሪካዊ ሽም
ግል ዝበለ በሊሕ ሰብ ኢዩ ዝነበረ እሞ " ኣብ'ዚ እተ
ወልደ ፡ ወዲ'ዚ ሃገር'ዚ ፡ ተፈጥሮ ዝዓደሎ ፍሉይ ፍል
ጠትን ብልህነትን ኣለዎ ። ነዚ ህዝቢ'ዚ ዝኣክል ትም
ህርቲ ከስኪስካ ፡ ካብ ኤኮኖሚያዊ ጸገማት እንተ እተና
ግፎ ኣብ ዓለም ተወዳዳሪ ዘይብሉ ሥልጡን ህዝቢ
ምኾነ ነይሩ " ምስ በለኒ ፡ ብፍላይ ኣብ ልዕሊ መምህር
ይስሃቅ ተወልደመድህንን ፡ ኣብ ኤርትራ ዝነበሩ ርእሰ
መምህራንን መምህራንን ዝነበሮ ግምታዊ ኣረኣእያ
ልዕሊ ኩሉ ምኺኑ ኣብሪሁ ገለጸለይ ።

ናይ'ዚ ወዲ ወጻኢ ኣበሃህላን ኣገላልጻን « ናእዳ »
ጥራይ ፡ ማለት እቲ ኣቦታትና «ውዳሴ ከንቱ» ዚብልዎ
ከም ዘይነበረ ፈሊጠ ወይ ክኣ ተረዲኤ ብሓበን ምስ
መመኹዎ ክኣ ካብ'ቲ ጊዜ'ቲ ጀሚረ ምስ መምህር
ይስሃቅ ተወልደመድህን ዝነበረኒ ምፍላጥ ኣማዕቢለ
" ብዛዕባ ዝሓለፈን ዝነበረን ኵነታት ህዝብናን ሃገር

ናን ምስኦም ብምዝርራብ ፍልጠት ንምስፋሕ ከም ዝከኣል ንምርዳእ በቒዔ ንዝነበረኒ ክርክራውን ፍል ጠታውን ጽምኣት ኣዕገብኩ ” ብማለት ኣብ ናይ መዘከርታ ደብተረይ ኣመልከትኩ ። ብድሕሪ'ዚ በብ ቑሩብ ነቲ ካብ ኣፍ መምህር ይስሃቅ ተወልደመድ ህን ዚወጽእ ፡ ብዋዛ እተዓብለለ ዚመስል ኣዛራ ርባ ፡ ለመድኩዎ እሞ ትምህርቲ ዝሓዘለ ቅውም ነገር ከም ዝነበረ ክርድኦ ክኣልኩ ። በዚ ኸምዚ ዝበለ ኩነታት ከኣ እናፈተኹዎም ከድኩ ።

« ላይፍ ኢን ብሪቲሽ ኦኩፓይድ ተሪቶሪ ስኩልስ ኢን ኤሪትረያ » እተባህለ መጽሔት ብዛዕባ መምህር ይስ ሃቅ ተወልደመድህን ኪጽሕፍ ከሎ ፡

“ እቲ ክፍሊ ትምህርቲ ተመሥሪቱ ቁሩብ እዋን ምስ ገበረ ሓደ ናይ ሃገር ፍልጠት እተማህረ ኣንስፔ ክተር ሾመ ። ንሱ ካብ ፍሉጣት ስድራ ቤት እተወ ልዱ ኪኾኑ ከለዉ ፡ ኣብቲ ናይ ወጻኢ ሃገራት ሚስዮን ኣብ ኤርትራ እተመሥረተሉ እዋን ፡ ካብ ኣፍሪቃ ወጺ ኦም ተማሂሮም እንደገና ተመሊሶም ንዕስራ ዓመታት ዚኣክል ንሃገሮም ብምምህርና ኣገልገሉ ። ናይ ኢንስፔ ክተርነት ሥራሕ ጥራይ ዘይኮነ ናይ ምሕራይን ምድ ላውን መምህራን ፡ ከምኡ'ውን መምህራን እናመሃርኪ ምድላው ፡ ናይ ስድራ ቤት ኮሚቴታት ምምሥራት ፡ መምሃሪ ዝኾኑ መጻሕፍቲ ምቕራብ ፡ እዚ ኩሉ ከቢድ ሓላፍነታት እተሰከሙ ኢዮም ። ሕጂ ግን ሓደ ክርስ ቲያንን ሓደ ከኣ ኣስላማይን ሓገዝቲ ኢንስፐክተራት ተመዲቦሙሎም ኣለዉ ” ይብል ። እቶም ክልተ ኢን ስፐክተራት ፡ እቶም ሓደ መምህር ኣስፍሃ ካሕሳይ ( ደሓር ቀኛዝማች ኣስፍሃ እተባህሉ ) ኪኾኑ ከለዉ እቶም ሓደ ከኣ መምህር ሸኽ ዑስማን ነበሩ ።

# ም ኽ ባ ር  ቁ ጸ ራ

መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ኣብ ርእሶ'ቲ እተፈላለየ "ንህዝቢ መሪሕ ኪኸውን ይኽእል ኢዩ" ብዝብል ኣረኣእያ ዜዘውትርዎ ዝነበሩ ፍልይ ዝበለ ጠባያት፣ ብፍላይ ብዛዕባ ምኽባር ቆጸራ እውን ኣጸቢቖም ይሓስቡን ይሕብሩን ነበሩ።

ኣብ ሃገርና ብልምድን ባህልን ተተሓሒዙ ብዝጸንሔን ብእተወረሰን መሠረት፣ ኣብ ዝኾነ ይኹን ዚግበር ዋዕላታት ወይ ከኣ ባይቶታት ዝርአ ዝነበረ ናይ ምኽባር ቆጸራ ስነ ሥርዓት ክሳዕ ሕጂ ደልዲሉ ከይተዓረየ ዝርኤ ዘሎ ኢዩ።

ከመይሲ ዋዕላ ወይ ከኣ ባይቶ ንምግባር ቆጸራ ኪውሰን ከሎ፣ "ነዚ ከምዚ ዝበለ መዓልቲ ባይቶ እንዳ'ባ ኪፍጸም ኢዩ። ከምኡ'ውን ባይቶ ዓዲ ኣሎ። ወይ ከኣ መጋባእያ ኪግበር ኢዩ" ድኣ ይብሃል እምበር፣ ሰዓት ክንድ'ዚ ብማለት ኣይፍለን ነበረ። ከም ኣበሃህላ ወይ ከኣ ከም ኣመዳድባ እቲ ቆጸራ ፀሓይ በሪቓ ክሳዕ እትዓርብ ዩሠርሕ ነይሩ ማለት ኢዩ።

እዚ ልምዲ ወይ ከኣ ባህሊ'ዚ በቲ እዋኑ ሥልጡንን ምስ'ቲ ብማሕረስ ዚነብር ህዝቢ ከኣ ዚሰማማዕን ምንባሩ ኣይከሓድን። ከመይ እንተ ተባህለ ዝኾነ ይኹን ዋዕላ፣ ማሕበር፣ ዕርቂ፣ ወይ ከኣ ንዓዲ ወይ ድማ ንቤተ ሰብ ዚርኢ ሽምግልና ወይ ዋዕላ ኪግበር እንተ ተደለየ፣ ብጊዜ በዓል ድኣ እምበር ብጊዜ ሥራሕ ከይፍጸም ክልኩል ኢዩ ዝነበረ።

ኣብ ርእሲኡ እውን ዝኾነ ባይቶ ወይ ከኣ ዋዕላ ብመራሕቲ ሃይማኖት ወይ ከኣ ብዕድመ ብዝሸምገሉ ሰባት ተባሪኹ፣ ብጸሎት ኪጅመር ስለ ዝነበሮ፣ ምጽብባዩ ሕጋዊ ልምዲ ኾይኑ ተሪፉ ነበረ።

በዚ ከምዚ ዝበለ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ እናተመሓላለፈ ዝመጽኤ ባህልታት ድማ እቲ ክቡር ዝኾነ ጊዜ ብናይ ቆጸራ ሰዓት ምኽባር ኪኽብር ከም ዝግብኦ ከይተፈልጠ ፣ ከይተሓለወ ፣ ክሳዕ ኣብ ከተማታት ስለ ዝሓለፈ ፣ እዚ ነቶም ከም በዓል መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ዝኣመሰሉ ብትምህርቲ ተመልሚሎም ዝዓበዩ ምሁራትን ለባማትን የሕዝኖም ነበረ ። ብደቒ ወጻኢ ዜጽርፍ ምኽኑ ብምዝካር ከኣ ይጉህዩ ነበሩ ።

መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ገዛእ ርእሶም ቆጸራ ዘኽብሩ ስለ ዝነበሩ " ናይ ቆጸራ ሰዓት ይተሓሎ " ይብሉ ነበሩ ። ነዚ መረድኢ ዝኾውን ሓደ መዓልቲ ዝሃብዎ ብዋዛ እተመሥረተ ኣስተምህሮ ክንዝክር ።

ሓደ መዓልቲ ኣብ ከተማ ኣሥመራ ኣብ ሓደ ቤት ንምሳሕ ተዓዲሞም ፣ ኣብ ቤት ዕድመ ብሰዓትም ተረኺቦም ኮፍ በሉ ። ከምኡ እውን ምስኦም ዝመጽኡ ካልኦት ዕዱማት ኮፍ ኢሎም ምሳሕ ይጽበዩ ነበሩ ። እንተኾነ ግን እቲ ምሳሕ ከይተቐረበ ደንጕየ እሞ፣ መምህር ይስሃቅ " ኣቱም ሰባት ጠሚና እምበር ፣ ስለ ምንታይ ምሳሕ ዘይቐረበና " ብማለት ቀስ ኢሎም ነቶም ኮብ ዙርያኦም ዝነበሩ ሰባት ሓተትዎም ።

እቶም ዕዱማት ከኣ ፣ " ኣቶ እገሌ ፣ ኣብ ሃገርና ዘለዉ እቶም ዝለዓሉ በዓል ሥልጣን ምኺኖም ትፈልጡ ኢኹም ። ስለዚ ንሶም ከኣ ዕዱም ኢዮም እሞ ፣ ንሶም ከይኣተዉ መኣዲ ክዩቐረብ ስለ እተደለየ ኢዩ" ብማለት ኣረድእዎም ።

መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ከኣ ዓው ኢሎም ፣ " ወይ ጉድ - - - ኣብ ኤውሮጳ እቲ ሰዓት ወይ ቆጸራ ዘየኽበረ ኢዩ ዚቕጻዕ ። ኣብ ሃገርና ግን ፋሕ ዝበለ ዋሎ - - - እቲ ሰዓት ዘኽበረ ይቕጻዕ " በሉ ። እቲ ኣብ ዙርያኦም ዝነበረ ዕዱም ከኣ ኵሉ ሰሓቐ ። ቆጸራ ክሳዕ ክንደይ ክቡር ከም ዝኾነ ኸኣ ተማህረ ።

መምህር ይስሃቕ ተወልደመድህን ነቲ ዚንነፎም ዝነበረ በብዓይነቱ ናይ ምምሕዳር ጸገማትን ዓበይቲ ዕንቅፋትን ምስ ዓበይቲ ዓድን መምህራንን መራሕቲ ሃይማኖትን ካህናትን እናተማኸሩ ብዝነበሮም ፡ ተፈጥሮ ዝዓደሎም ናይ ስነ ልቦና ክእለት ፡ ዋዛ ምስ ቅውም ነገር እናሓዋወሱ ብምርዳእ ኪዘልቕዎ ይጽዕሩ ነበሩ ። ዝበዝሐ እዋን ከኣ ዝኣመትዎን ዝተለምዎን ብዓወት ይዛዘመሎም ነበረ ። እቲ ካብ ሡሉ ዝበለጸን ዘገርምን ከኣ በቲ እዋን'ቲ ልዕሊ ሡሉን ምሉእ ሥልጣን ዝነበሮምን ክነሶም ፡ ፈጺሞም ኣይቀኑጡዑን ነበሩ ። ጕህዩ ሓዚኑ ወይ ከኣ ኵርዩ ንዝቐረቦም ሰብ እውን ኣስሒቖም ይመልስዎ ነበሩ ።

## ካልኣት ኢንስፐክተራት ትምህርቲ

እቲ ብጽቡቕ ፍቓድ ፡ እንግሊዛዊ ወታሃደራዊ ምምሕዳር ኤርትራን ብናይ መጀር ክነስቶን ስኔል ቅኑዕ ኣመራርሓን ብ ፲፱፻፵፪ ዓ· ም· ፈ· እተመሥረተ ክፍሊ ትምህርቲ ፡ ብኣዝዩ ዘገርም ፍጥነት ኢዩ ዚምዕብል ዝነበረ'ሞ ብዘይካ መምህር ይስሃቕ ተወልደመድህን ፡ ካልኣት ፈቐዶ ዓድታት እናገሹ ኣመራርሓ ትምህርቲ ዚዕዘቡን ፡ መምህራን ዘታባብዑን ፡ ዚቆጻጸሩን ፡ ኢንስፐክተራት ደቀባት ክም ዘድልዩ ብኡን ብኡን ተገንዘበ ። ስለዚ ከኣ እቲ ክፍሊ ትምህርቲ ንመምህር ኣስፍሃ ካሕሣይን ንመምህር ሽኽ ዑስማንን ዚብሃሉ ክልተ መንእሰያት ነዚ ዓቢይ ሓላፍነት ዝነበሮ ኣገልግሎት መረጸ ።

ዶክቶር ኤች ቢ ኣለን ፡ ንመጀር ክነስቶን ስኔል ብዛዕባ መምህር ኣስፍሃ ካሕሣይ ( ደሓር ቀኛዝማች ኣስፍሃ ካሕሣይ ዝኾኑ ) ኪጽሕፉሎም ከለዉ ዝበልዎ ሓድሓደ ዚዝከር ቃላት መበገሲ ጌሮም ኣብ መጽሔፎም ኪጽሕፉ ኸለዉ ፡

" ኣስፍሃ ካሕሣይ ሓደ ካብ'ቶም ብግዜ ግዝኣት ኢጣልያ ክሳዕ ራብዓይ ክፍሊ ምሉእ ናይ መባእታ ትምህርቲ ተማሂሮም ኪፍጽሙ ዕድል ዝረኸቡ ኤርትራውያን ነበረ ። እቶም ዚምህርዎ ዝነበሩ መምህራን ፡ ንምምህርና ዘይተዳለዉ ፡ ብሥራሖም ከኣ ዘይግደሱ ኣብ ርእሲ ምንባሮም ፡ ነቶም ብደርዘናት ዚፍቀዱ ተመሃሮ ዚኾኑ ፡ እኹላት መጻሕፍቲ ስለ ዘይነበሮም ፡ ዚበዝሕ ትምህርቲ ብቓል ዚወሃብ መጽናዕቲ ኢዩ ዝነበረ። ኣስፍሃ ግን እዚ ኩሉ እናኾነ ኸሎ ፡ መምህር ኮይኑ ንደቂ ሃገሩ ኪገልግል ይምነ ነበረ ። ግናኸ ነዚ ቅኑዕ ትምኒት'ዚ ገዲፉ ኣብ ናይ ቤት ጽሕፈት ሥራሕ ተመዝጊቡ ጸሓፋይ ኪኸውን ተገደደ ።

እቲ ብእንግሊዛዊ ወታሃደራዊ ምምሕዳር ብ፲፱፻ ፵፪ ዓ· ም· ፈ· ኣብ ኣሥመራ እተሠርዔ ክፍሊ ትምህርቲ ኪምሥረት ከሎ ፡ ኣስፍሃ ካሕሣይ ሓደ ካብ'ቶም ቀዳሞት ንምምህርና ኪዳለዉ ሰብ ጽቡቕ ፍቓድ ኮይኖም እተመዝገቡ ነበረ ። ነቲ ኣብ መጀመርያ እዋን እተዋህበ ኣገባብ ኣመሃህራ ዚሕብር ትምህርቲ ከኣ ብድሌትን ብትግሃትን ተቐበሎ ።



ኢንስፐክተር ኣስፍሃ ካሕሣይ ኣብ'ዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ስእሊ ይርአዩ ።

አስፍሃ ካሕሣይ ፡ እናመሃረ ይመሃር ነበረ ። ነቲ ብመጀር ክንስቶን ስኔል ኮነ በቶም አዝዮም ክኢላ ዝኾኑ መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ዚወሃቦ ዝነበረ ምብጻሕን ምዕዛብን ሓበሬታን ብቕኑዕ ልቢ ይቕበሎ ነበረ ። በዚ ኸምዚ ዝበለ ጽቡቕ ልምድን ቅኑዕ ድሌትን ከአ አስፍሃ ካሕሣይ ሓደ ካብ'ቶም ብዓወት እተመስገኑ መምህራን ሃገረ ሰብ ኮነ ። ንተመሃሮኡ ጠቓሚ ዕዮ አታኽልትን ፡ ጠቓሚ ዕዮ ሕርሻን ፡ ካልእ ዓይነት ሥራሓትን መሃሮም ፡ ምውስዋስ አካላት ኬዘውትሩ እውን መርሖምን አተባብዖምን ። ብዘለዎም ዓቕሚ ድማ ብጽሬት ጥዕናአም ዝሓለዉን ዘየሕፍሩን ኪኾኑ መሃሮም ። ከምዚ ኢሉ ኸአ ነታ ቤት ትምህርቲ ብሓጺር እዋን ሓንቲ ካብ'ተን ዝበለጸ አብያተ ትምህርቲ ከም እትኸውን ገበራ ።

ብሓደ መልክዕ ክትርእዮ ኸሎኻ አስፍሃ ካሕሣይ ካብ'ቶም አዝዮም ለሚዶምዎ ዝነበሩ ዘፍቅርዎ ክፍለ ህዝቢ ክትፈልዮ ዘሕዝን ነበረ ። ግናኸ በቲ ዝነበረ ዋሕዲ ክኢላታት አመሓደርቲ ፡ ነቲ ፍሉይ ክእለቱ ፡ ንካልኦት መምህራን ምእንቲ ኬካፍሎ ፡ አብ ምምሕዳር ምስጋሩ አድላዪ ኾነ ። ስለዚ ኸአ አስፍሃ ካሕሣይ ናይ ትምህርቲ ኢንስፐክተር ኮይኑ አብ አሥመራ ከም ዚነብር ተገብረ ።

አስፍሃ ካሕሣይ ግን ብዘይ ዕረፍቲ አብቲ ካብ ዕለት ናብ ዕለት እናወሰኸ ዚምዕብል ዝነበረ አብያተ ትምህርቲ ገጠራትን ከተማታትን ኤርትራ ብአማእታት ዚቝጸር ኪሎሜትርታት እናኸደ ዘየቋርጽ ምዕዛብን ምብጻሕን ምቝጽጻርን ይፍጽም ነበረ ። አስፍሃ ካሕሣይ ንዕረፍቲ ዘይስስዕ ትጉህ ሰብ ድአ ነበረ እምበር አየዕ ርፍን ነበረ ።

አስፍሃ ካሕሣይ በዚ ዕድል'ዚ፡ ቋንቋ እንግሊዝ ብዝያዳ ኪመሃር ከኣለ። በዚ ኸኣ ንፍልጠቱ ኣማዕበለ። ኣብቲ ናይ ምሸት ትምህርቲ (ኢንስቲትዩት) እውን ተመዝገበ። ንትምህርቲ ዝኾኑ መጽሓፍቲ ብዝገብሮ ዝነበረ ምድላው እውን ምርኡይ ኮነ። ናይ'ታ ናይ መምህራን ቤተ መጻሕፍቲ ቀዳማይ ኃላፊ ኣብ ርእሲ ምኻኑ፡ ፈቐዶ ቤት መሸጣ መጻሕፍቲ እናተጻፍዔ ንመምሃሪ ዝኾኑ መጻሕፍቲ ብዝከኣሎ ኣከበ። ኣስፍሃ ኣብ ኣዝዩ ዝለዓለ ደረጃ ከም ዚበጽሕ ከኣ ግሉጽ ኮነ" ብማለት ኣስፈሐም ጸሓፉሎም።

## ብ ዝ ያ ዳ  ዚ ዝ ከ ሩ  ነ ገ ራ ት

እቶም በቲ እዋን'ቲ ዝነበሩ መምህራን፡ ሽሕ እኳ ትጉሃትን ህርኩታትን፡ ብፍቕሪ ሃገሮምን ደቂ ሃገሮምን እተማረኹ እንተ ነበሩ፡ ብዝያዳ ትምህርቲ ምእንቲ ኪቕጽሉን ካብ መንጎ ስድራ ቤቶም ከኣ ምእንቲ ከይርሕቁን፡ ካብ ከተማ ወጺኦም ናብ ሃገረ ሰብ ወይ ከኣ ገጠር ከይዶም ኪምህሩ ኣይፈትዉን ነበሩ። እዚ እቲ ንመምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ከቢድ ጽዕነት ኮይኑ ናይ ምምሕዳር ጸገም ዘውርደሎም ዝነበረ ኣርእስቲ ነበረ።

ሓደ እዋን ንሓደ መምህር ኣብ ቤት ጽሕፈቶም ጸዊዮም፡ "ስማዕ መምህር ----- ሎሚ ንስኻ ኣብ ሃገረ ሰብ ኬድካ ምምሃር ግዲኻ ኢዩ እሞ ተቐረብ" በልዎም።

"ኣነ ኣረጋቶት ስድራ ቤት ኣለዉኒ። ስድራይ ብዘይካይ ዝናቢ የብሎምን። ስለዚ ኣነ ናብ ሃገረ ሰብ ከይደ ክምህር ኣይኽእልን ኢየ" ብማለት እቶም መምህር ተቓወሙ። መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ከኣ

ህድእ ኢሎም ከይኑረዩ " ኣይ --- ክምኡ ኢልካ ••• በል ኪድ ፡ ደሓን ፡ ሥራሕካ ቀጽል " ብማለት ኣፋነውዎም ።

እንተኾነ ግን ቁሩብ መዓልታት ኣሕሊፍ ኣቢሎም መምህር ይስሓቅ ተወልደመድህን ነቶም ንቕያር ተሓቲቶም ዝነበሩ መምህር እንደገና ናብ ቤት ጽሕፈቶም ጸዊዖም ፡ " በል ስማዕ መምህር ። ሎሚ መዓልቲ ሓደ ሓድሽ ነገር ስለ ዝረኸብኩ እሞ ቅድሚ ውሳኔ ምውሳደይ ምሳኻ ክመያየጥ ስለ ዝደለኹ ኢየ ጸዊዐካ ዘለኹ ። ስለዚ ፍቓድካ እንተ ድኣ ኮይኑ ክንማኸር " ብማለት ተወከስዎም ።

እቶም መምህር ከኣ ብግርህነት " ብዝኾነ ይኹን ምሳኹም ምርድዳእ ፍቓደኛ እየ " ብማለት መልሲ ሂቡ ። መምህር ይስሃቅ ከኣ ትቕብል ኣቢሎም " በል እዞም እንግሊዛውያን ገለ ፲፱ ዝኾኑ መምህራን መሓጸም ንዓዲ እንግሊዝ ንትምህርቲ ኪሰዱ ይደልዩ ኣለዉ እሞ በዚ ንምምራጽ ኮነ ንኻልእ ርእይቶ ሓሳብካ ኪትህበኒ ኢየ ጸዊዐካ ዘለኹ " በልዎም ።

እቶም ገርሂ ወዲ ሃገር መምህር ከኣ ህውኽ ኢሎም " መምህር ይስሃቅ ---- ኣነ እንተ ድኣ ኽሃግር እንግሊዝ ከይደ ክመሃር ተፈቒዱለይ ፡ ብዘለኒ ክእለት ኣጽኒዔ ንሃገረይ ክም ዘገልግል ንምግባር ድሌት ኣለኒ ። ስለዚ ንዓይ እውን ምስ'ቶም ፲፱ ዝምረጹ መምህራን ክትመርጹኒ እልምነኩም ኣለኹ " እናበሉ ብለበዋ ሓሳባቶም ገለጹሎም ።

መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ከኣ [illegible] ትቕብል ኣቢሎም " በል ስማዕ መምህር ። [illegible] ዓዲ

እንግሊዝ ፡ ዓዲ ንእምን ፡ ዓንሰባ ፡ ኢዩ'ሞ ናብኡ ኬድካ ደቂ ዓድኻ እናመሃርካ ተመሃር ። ናብኡ እውን ዘይር ሳዕን ክቡርን ትምህርቲ አሎ ። ደሓር ከአ ንቑሩብ ዓመታት ኢኻ ኣብኡ እትምሀር ” በሉዎም እናሰሓቑ ።

እቶም መምህር ከአ ብቑጥዓ “ ኣነ ከመይ አቢለ ንዓዲ ንኣምን ማለት ንሃገረ ሰብ ክኸይድ ። ስድራ ቤተይ ካልእ ዝናቢ የብሎምን ። ስለዚ ኣነ ክኸይድ አይኽእልን ኢየ ” ብማለት ተኻራኸሩን ገለጹን ።

መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ግን ሀድእ ኢሎም “ አየ - - - መምህር - - - ንስድራ ቤትካ ድአ ንሃገር እንግሊዝ ዝኣክል እኳ ገዲፍካዮም ክትከይድ ሓሲብካ ዝነበርካ ። ዓዲ ንእምን ግዳ ዘይናብ'ዚ ኢዩ ። ገዛእ ዓድኻ'ን ሃገርካን ። ንዓ ድአ ኪድ ተበገስ ” ኢሎም አስሒቖም ናብቲ እተመደብዎ ቤት ትምህርቲ ክም ዚኸዱ ገበሩዎም ።

ክምኡ እውን ሓደ ካልእ መምህር ፡ ኣብ ሃገረ ሰብ ንኽልተ ዓመታት ዚኣክል ምስ መሃሩ ፡ ኣብ ናዩ መምህር ይስሓቅ ተወልደመድህን ቤት ጽሕፈት ከይዶም “ ኢንስፐክተር ይሃስቅ ፡ ክልተ ዓመት ምሉእ ኣብ ሃገረ ሰብ ስለ ዝመሃርኩ ፡ ሎሚ ንኸተማ ክኣቱ ኢዩ ዝግብኣኒ ። ስለዚ ናብ አሥመራ ለውጡኒ ” ብማለት አመልከቱ ።

መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ከአ እናሰሓቑን ናይ ጓይላ ጣቕዒት እናኣጣቕዑን እናደረፉን “ ሰልሶ'የ ሰልሶ ድአ ይብላኻ እናበሉ ኢዮም አቦታትካ ንጥዑም ጓይላ ዝሰልስዎ ። ስለዚ ንስኻ ከአ ሓንቲ ዓመት ጥራይ ወስኽ ” ኢሎም ብስሓቕ አፋነውዎም ።

# ኣብ ቤት ትምህርቲ ከኒሻ ኣይንመሃርን

መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ፡ ብዙሓት ዓድ ታት ፡ ብፍላይ ኣብቲ መጀመርያ እዋናት "ደቅና ኣብ ቤት ትምህርቲ ከኒሻ ኣይነምህርን" እናበላ ተቓውሞ የርእያ ስለ ዝነበራ ፡ ብዝከኣሎም መጠን ንህዝቢ እና ኣረድኡን እናኣብልሑን ፡ ብካህናትን ብለባማት ዓድን እናተሓገዙ ፡ ንመሣርሕቶም እናኣታባብዑ ፡ ጠቓሚ ትም ህርቲ እንታይ ከም ዝኾነ ንምግላጽ ብዘለዎም ክእለት ተጋዲሎም ኢዮም ። ንመረድኢ ፡ ኣብ ኣማድር እተ ባህለት ዓዲ ኣውራጃ ሠራየ ሓንቲ ቤት ትምህርቲ ተኸፊታ ነበረት ። እንተኾነ ግን ናብ'ዛ ቤት ትምህ ርቲ እዚኣ ፡ ሓደ መምህር ተስፋይ መዘንግዕ እተባህሉ ብሃይማኖቶም ከኣ ከኒሻ ዝኾኑ ፡ ርእሰ መምህር ኮይኖም ኪገልግልዋ ተመዲቦም ከድዋ ። በዚ ኸኣ እቲ ህዝቢ እታ ዓድን ከባቢኣን "ከኒሻ ኣምጺኦም ንህዝብናን ደቅናን ከኸንሽዎም ኢዮም እሞ ከኒሻ ኣይንደልን" ብማለት ኣበርቲዑ ተቓወመ ። እታ ቤት ትምህርቲ እውን ንክትዕጾ ቁሩብ ተሪፉዋ ነበረ ።

ብድሕሪ'ዚ መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ፡ ኣብ መንደፈራ ይምህሩ ንዝነበሩ መምህር ቀሺ ዮሴፍ የማነኣብ ንእተባህሉ ናብ ቤት ጽሕፈቶም ኣጸዊዖም ፡ "ኣቦይ ቀሺ - - - ቤት ትምህርቲ ተዓጽዩ ህዝቢ ሃገር ብዘይምስትውዓል ካብ ዝድንቁር ንዑ ንስኹም ባዕል ኹም ኪዱ ፡" ብማለት ለመንዎምን ኣረድእዎምን እሞ መምህር ቀሺ ዮሴፍ ከኣ ብጽቡቕ ድሌት ሕራይ

በልዎም ። ስለዚ ከኣ መምህር ቀሺ ዮሴፍ የማነኣብ ናይ ቤት ትምህርቲ ኣማድር ርእሰ መምህር ኮይኖም ከዱ ። እታ ቤት ትምህርቲ ከኣ ብኸምዚ ዝበለ ጥበብ ከይተዓጸወት ኣገልግሎታ ከም እትቕጽል ተገብረ ።

መምህር ቀሺ ዮሴፍ የማነኣብ ነዚ ዛንታ እዝን ካልእን ክዘንትውለይ ከለዉ “ መምህር ይስሓቅ ተወልደመድህን ክሳዕ'ዚ ሰዓት'ዚ መተካእታ ዘይረኣኹሉም ዝበዝሕ እዋኖም ኣብ ጻዕርን ድኻምን ዘሕለፉ መፍቀር ሃገሮም ነበሩ ” ብማለት ጠቓሲለይ ።

ብዚ ኸምዚ ዝበለ ክእለት እናሠርሑ ከለዉ ፡ ህዝቢ ሃገርና በቲ ዝነበረ ባህልን ልምድን ተደሪኹ እቲ “ ኣዋልድና ኣይነምህርን ” ዝብል ካልእ ጸገም ጌና ኣይተረፈን ዝነበረ እዋ ፡ ደቂ ኣንስትዮ ብብዝሒ ኣብ ትምህርቲ ምእንቲ ኪካፈላን ኪሳተፋን ፡ ኣብ ናይ ትምህርቲ ዕረፍቲ ብናጻ ሻሂ እናሰተያ ንጥልፊ ዚኸውን ፈትልን ዓለባን ብዘይ ገንዘብ እናተዋህበን ፡ ነቲ ዝጠለፍኦን ዝኣለምኦን ከኣ ንዓኣተን እናተዓደለ ከም ዚወሃብ ተገብረ ። ከምዚ ኢሉ ብዙሕ ናይ ትምህርቲ ጠቓሚ ዚሕብር መረዳእታትን ትምህርትን እናተዋህበ፡ ናይ ጻዕርን ድኻምን ረሃጽ ምስ ተኻዕወ ፡ ክሳብ ፲፱፻፵፯ ዓ· ም· ፈ· ፫ ዓበይቲ ኣብያተ ትምህርቲ ኣዋልድ ፡ ማለት ብ፲፱፻፵፩ ዓ· ም· ፈ· ናይ ኣሥመራ ቤት ትምህርቲ ኣዋልድ ( ሎሚ ቤት ትምህርቲ ኣዱሊስ ዝብሃል ዘሎ ) ፡ ቀጺሉ ኸኣ ኣብ ካልኦት ከተማታት መታሕት ክልተ ኪኸፈታ ኸለዋ ፡ ክሳዕ ፲፱፻፵፭ ዓ· ም· ፈ· ድማ ፲ ደቂ ኣንስትዮ ንምምህርና ተመልሚለን ነዚ ቅዱስ ኣገልግሎት'ዚ ተመዝገባ ።

እቶም ብወርሒ ጥሪ ፲፱፻፵፫ ዓ· ም· ፈ· ተመዲቦም በብወገኖም እተዋፈሩ ፡ ኣብ ማእከሎም ዋላ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ዘይነበረቶም ፡ ምሩጻት ሰባት ብዝመሥረትዎ ናይ ትምህርቲ እምነ መሠረት ከኣ ፡ ኣብ ሓደ ዓመት ዘይመልኤ እዋን ቊጽሮም ፺፰ መምህራን ኮይኑ ናብ ፳፰ ኣብያተ ትምህርቲ ተዋፊሮም ተዘርግሑ

# ፍቕሪ ሃገር ምስ ትምህርቲ

መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ኣብ ልዕሊ ሃገሮም ዝነበሮም ሃልሃል ዚብል ፍቕሪ ብዝደረኾም ፣ ህዝቦም ብትምህርቲ ክብ ኢሉ ፣ ብጥበብ ሠልጢኑ ፣ ኪርእዩዎ ሃረር ይብሉ ስለ ዝነበሩ ፣ " ሓደ ንሃገሩ ዜፍቅር ፣ ንሃገሩ ኼገልግል ይደሊ ። ሃገሩ ንኼገልግል ድማ ትምህርቲ የድልዮ " ይብሉ ነበሩ ። ነዚ ከምዚ ዝበለ ናይ ውሽጢ ሕሊናኦም ስምዒት ከኣ ፣ ናፍቖት ትምህርቲ ክብዝገልጹ ልዙባት ግጥምታት ቋንቋ ትግርኛ እናገበሩ ይገልጽዎ ነበሩ ። እዚ ዚስዕብ መዝሙሮም ንኣብነት ኣብ እቲ ሓጺር ንባብ ብትግርኛ ፣ ፵፮ ዛንታ እተባህለ መጽሓፎም ተጻሒፉ ይርከብ ።

ጥበብ ተመሃሩ ከም ሰብ ክትቁጸሩ
ትምህርቲ ዘይብሉ ጸርፌ የውጽኡሉ
ውሉድ ወለዶኡ ይነብር ሓሲሩ

ትምህርቲ ወጺኡ ኣብ ዙሉ ሃገርና
ደቂ ዓደይ ኵልና ሓቢርና
ንቀበሎ ዕልል እናበልና

ዎ ቆልዑ ንቕሑ ተመሃሩ
ትምህርቲ ኢዩ ንወጺ ሰብ ሓይሉ
ንዳሕረዎት ኣብነት ክትኮኑ

ንዓ ሓወይ ንኺድ ናብ ቤት ትምህርትና
ጊዜ ሓላፋይ ኢዩ ሰዓት ከይኣኸለና
ከይነጕሂ ንመምህራና ።

እዚ ኸምዚ ዝበለ ኣዝዩ ጥዑም መዝሙራት ፣ ብኹሎም ተመሃሮ እናተዘመረ ፣ ንኹሎም ዘይተማህሩ ሰባት ብምምሳጥ ከም ዚስሕብ ድማ ገበሩ ። ( ሓጺር ንባብ ብትግርኛ ፵፮ ዛንታ ተመልከት ) ፣ እቶም ሽዑ ፣

ማለት ብጊዜ ወተሃደራዊ እንግሊዛዊ ምምሕዳር ዝነበሩ መምህራን ፡ ብፍቕሪ ሃገሮም እተቓጸሉ ፡ ዳርጋ ኩሎም መራሕትን ኣባላትን ማሕበራት ፖለቲካ እኳ እንተ ነበሩ “ ዝኾነ ይኹን ናይ መንግሥቲ ሠራሕተኛ ኣብ ናይ ፖለቲካ ማሕበር ክይምዝገብ ወይ ክኣ ክይሕወስ ክልኩል ኢዩ ” ዚብል ተጽዕኖ ኣብ ርእሲ ምንባሩስ ፡ እቲ ይኽፈሎም ዝነበረ ደመወዝ ውሒዱና ብማለት ኣድማ ኪገብሩ ብ ፲፱፻፵፯ ዓ· ም· ፈ· ተሰማምዑ እሞ መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን “ እዚ ተግባር'ዚ ተጠውዩ ንሃገርን ደቂ ሃገርን ዚጐድእ ስለ ዝኾነ ንዑ ግደፉ ” ኢሎም ንመምህራን ከረድኡ ኣብ ርእሲ ምፍታኖምሲ ፡ ኣብ መንጎ መምህራንን ኣብ መንጎ ምምሕዳር እንግሊዝን ስምምዕ ምእንቲ ኪርከብ ከም በዓል ራእሲ በየነ በራኺ ፡ ደጃዝማች ሓድጉ ጊላጋብር ፡ ደጃዝማች ሓሰን ዓሊ ፡ ብላታ ደምሳስ ወልደሚካኤል ወዘተረፈ ዝኣመሰሉ ብእዋኑ ዝነበሩ ዓበይቲ ዓዲ ሒዞም ናብ ናይ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን ጳጳስ ዝነበሩ ብፁዕ ኣቡነ ማርቆስ እናቐረቡ ንዕርቂ ብዙሕ ተጋደሉ ።

እንተኾነ ግን ፡ ሽሕ እኳ ንዕርቂ ብዙሕ ጻዕርን ድኻምን እንተ ተገብረ ፡ እቶም መምህራን ካብ ሓሳቦም ኪቕለሱ ስለ ዘይደለዩ ፡ እቲ ናይ ዕርቂ ፈተነ ኣብ ግብሪ ኪውዕል ኣይከኣለን ። ስለዚ ሽኣ ፳ ዝኾኑ ኣዝዮም ብሱላትን ትጉሃትን መምህራን ፡ ካብ ኤርትራ ሃዲሞም ንማእከል ሃገር ከዱ እሞ ፡ ሓያሎ ተኸፊተን ዝነበራ ኣብያተ ትምህርቲ ክሳዕ ካልኦት መተካእታ ዝኾኑ መምህራን ዚርከቡ ንኣስታት ክልተ ዓመታት ዝኸውን ተዓጽዋ ።

ካብ እቶም ካብ ኤርትራ ሃዲሞም ንማእከል ሃገር ብምእታው እተሰደዱ ብሱላት መምህራን ፡ ብፍላይ ንዓይ ኣብ ኣሥመራ ቤት ትምህርቲ ኣኸርያ ዚምህሩኒ ዝነበሩ ከም በዓል መምህር ኣብርሃ ገብረሥላሴ ፡ መም

ሀር ኤፍረም ኣማኑኤል፡ ወዲ መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ዝኾኑ መምህር ምስግና ይስሃቅ፡ መምህር በርሄ ምስጉን፣ መምህር ብእምነት ተስፋዝጊ፡ መምህር ዮሴፍ ነማርያም ወዘተረፈ---- ዝኣመሰሉ እዝክር።

እዚ ናይ'ዞም ንማእከል ሃገር ሃዲሞም ዝኸዱ መምህራን ጉድለት፣ ኣዝዩ ከቢድ ጉድኣት ከም ዘስዓበ ዚክሓድ ኣይኮነን። ከመይሲ ብሰንኪ ጉድለቶም ----- ብዙሕ ፍሬ ኪህባ ዝነበረን ኣብያተ ትምህርቲ ተዓጽየን ኢየን። እቶም ዝኸዱ መምህራን ዝበዝሑ ክሳዕ ሕጂ ኣብ ማእከል ሃገር ኪርከቡ ኸለዉ፡ ካልኦት ከኣ ብጊዜ ናጽነት፣ ማለት ምምሕዳር እንግሊዝ ምስ ተወድኤ፡ ናብ ኤርትራ ተመሊሶም ሃገራዊ ግቡኦም ብምፍጻም ዘገልገሉ ኣለዉ። በብእዋኖም ናይ ዓለም ሕይወቶም ስለ እተወድኤ ብሕማም ዝሞቱ'ውን ኣለዉ።

ኣብ ጊዜ ወተሃደራዊ እንግሊዛዊ ምምሕዳር ዚግበር ዝነበረ ፖለቲካውን፣ ኤኮኖሚያውን፣ ማሕበራውን ቃልስታት ብዙሕ ስለ ዝነበረ፣ ናይ ባቡር ምድሪ ሠራሕተኛታት እውን "ደመወዝ ይወሰኸልና" ኢሎም ኣድማ ብምግባር ንሓያሎ ኣዋርሕ ካብ ሥራሕ ጠጠው ኢሎም ነበሩ እሞ፣ በዚ ኩነታት'ዚ መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ተሓቲቶምሲ ያኢ---- "ሠራሕተኛታት ባቡር ምድሪ ዝወስድዎ ዘለዉ ደመወዝ እኹልን ብቑዕን ኢዩ" ዝብል ርእይቶ ሂቦም ዝብል ወረ ብጌጋ ኣብ መንጎ ህዝብን ሠራሕተኛታት ባቡር ምድርን ተዘርጊሑ፡ ክብድ ዝበለ ጊዜያዊ ቅርሕንትን ክርክርን ፈጢሩሎም ኣብ ዝነበረሉ እዋን፣ መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ብኣዝዩ ህዱእ ኣካያይዳ ኣብቲ ናይ ኤርትራ «ሰሙናዊ ጋዜጣ» ተባሂሉ ዚጽዋዕ ብቋንቋ ትግርኛ ኣብ ሰሙን ሓደ እዋን ዚወጽእ ዝነበረ ጌሮም ዘይገበርዎን ዘይበልዎን ብወረ ይንዛሕ ከም ዘሎ ኣብ ርእሲ ምርጻ

እምሲ ፣ “ ህዝብና ሎሚ ብዝያዳ ክዳን ፡ ሳእኒ ፡ ዓራት፣ ጽቡቕ መግቢ ለሚደ ናብ ሥልጣኔ ኤምርሕ ስለ ዘሎ፣ ዚወሃቦ ዘሎ ደመወዝ ኣዝዩ ትሑት ስለ ዝኾነ ወሰኸ፡ ኪግበረሉ ቅኑዕን ግቡእን ኢዩ ” ኢሎም እተደልዮም፡ ምኽሪ ከም ዝለገሱ ርግጽ ኪኾውን ከሎ ፡ ነቶም ሠራ ሕተኛታት ከኣ “ ሰላምንታይ ብትዕግስቲ ደቅና ዘይነ ዕቢ ፡ ዕርቂ ዘይግበር ” ኢሎም እናመኸሩ ፡ ኣብ መንግ ወተሃደራዊ እንግሊዛዊ ምምሕዳር ኤርትራን ኣብ መንግ ሠራሕተኛታት ባቡር ምድሪን ዕርቂ ኪግበር ብዙሕ እተጋደሉ ሃገራዊ ሰብ ነበሩ ።

መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ኣዝዩ ሰፊሕ ኣረኣእያ ፡ ናፍቖት ትምህርቲ ዝሓደሮም በሊሕን ትጉ ህን ኣፍቃሪ ሃገሮምን ህዝቦምን ስለ ዝነበሩ ፡ ህዝቢ ብግድን ናብ ቤት ትምህርቲ ደቁ እናሰደደ ኣብ ፍል ጠት ኪሕምብስ ኣለዎ ዝብል ኣተሓሳስባ ነበሮም ። ስለዚ እኳ ኣብቲ ሓጺር ንባብ ብትግርኛ ፵፩ ዛንታ እተባህለ መጽሓፎም መምህር ቀሺ ገብረእግዚኣብሔር ንጉሠን መምህር ማህለ ዓንደሚካኤልን እተባህሉ ፡ በቲ እዋን’ቲ መንእሰያት ዝነበሩ ፡ ኣዝዩ ዝማርኽ ግጥሚ ብ መዝሙር ተጸኒዑ ብዥሎም ተመሃሮ ምእንቲ ኪዝመር ኣሕቲሞምዎ ነበሩ ። እቲ ግጥሚ ወይ ከኣ መዝሙር ከም’ዚ ዝስዕብ ይንበብ ፤

ደቂ (ዓዲ) ዓድና
በስመኣብ ኢልና
ንጀምር ሥራሕና

ፈደል ከሎና
ሰኣን ትምህርቲ
ንድሕሪት ተሪፍና

መኳንንትና
ተሳማሚዕኩም
ሕሰቡ ጥቕምና

ተቓላጢፍና
ጊዜ ከሎና
ክንቅጽል ምህሮና

መማህራና
ድንቁርና ይጥፋእ
ጸዓቱ ብኣና
ብቅኑዕ ልቢ
ንጠይቕ ነግፍሕ ሓሳባትና

መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ናብ ጽልሚ ዚጽጋዕ ክደራይ ሕብሪ ዝነበሮም ሓደ ሜትሮን ሰማንያን ሰንቲሜተር ዚበጽሕ ቁመትን፡ ተስዓ ኪሎግራም ዚበጽሕ ክብደትን ዝነበሮም ኪኾኑ ኸለዉ፡ ንጡፍን ምውሳዋስ አካላት ድማ በብዕለቱ ዘዘውትሩን፡ ሰብ ነበሩ። መምህር ይስሓቅ ተወልደመድህን ነታ ብጠመን ግሥቲ እተዋህበቶምን እተፈቐደትሎምን ማኪና ንገዲ ፎም ንግሆን ቀትርን ምሸትን ብእግሮም ካብ ሥርሖ ናብ ቤት ካብ ቤት ናብ ሥራሕ ዚመላለሱ ሰብ ኹብ ርእሲ ምንባሮምሲ፡ ኣብ ሃገር ሊባኖስ፡ ኣብ ከተማ በይሩት፡ ተመሃራይ ከለዉ ዝወሰድዎ ናይ እግሪ ጉያ ጠመዘ ከርታ (ማለት ብልጫ) ዝሓቐፉ ሰብ ነበሩ።

## ፍሉይ ጠባይ ኣብ መንጎ ሕብረተ ሰብ

መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ነቲ ኣብ መንጎ ሕብረተ ሰብ ሃገርና ዚዝውተር ዝነበረ፡ ዚጐድእ ባህልታት፡ ከምኡ እውን ዘሕብንን ዝጠቅምን ባህልታትን ልምድታትን አተኩሮም ይዕዘቡዎን የስተባህሉሉን ነበሩ። በዚ ኸምዚ ዝበለ ምኽንያት ከኣ፡ ብፍላይ ነቶም ሓድሓደ ኪእረሙ ይከኣል ኢዩ ኢሎም ዝኣመኑሎም ጐዳእቲ ባህልታትን ልምድታትን፡ ገዛእ ርእሶም

ኣብነት ብምኳን ኪእርምዎምን ኬትርፍዎምን ይፍትኑ ነበሩ እሞ በዚ መልክዕ'ዚ ኪረአዩ ከለዉ፡ ኣብ መን ን ሕብረተ ሰብ ፍሉይ ጠባይ ከም ዝነበሮም ጌሮም ግምት ዚህብዎም ሰባት ምንባሮም ይዝከር ኢዩ። ንመረድኢ፤

መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ነቲ ንሓደ ዝበልካዮ ንክልተ ይኣክል ዚብል ምስላ ዓድና ዘይኣምኑ ነፋግ ሰብ ከም ዝነበሩ ጌሮም ዘዘንትዉሎም ሓያሎ ሰባት ከም እተጓነፉኒ እዝክር። ግናኸ መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን "ነፋግ ኢዩ ከይብሉኒ እናበልካ ዘየድሊ ልግሲ ከተርኢ ዚወጽእ ገንዘብ ንስድራ ቤት ጥፍኣት የስዕብ ኢዩ" ብማለት ኬረድኡ ዝወሰድዎ ዝነበሩ ጠባያት ወይ ከኣ ተግባራት ድኣ እምበር ተፈጥሮ ዝዓደሎም ፍሉይ ናይ ንፍጊ ጠባይ ኣይነበሮምን።

ሓደ ብቐረባ ዝፈልጥዎም ዓቢይ ሰብ "መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ንዘይዓደምዎ ኣየብልዑን ኣይህቡን፤ እንተ ዓደሙ ከኣ ዝኣክል ይቕርቡ ነበሩ" ይብልዎም። መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ሽሕ እኳ "ንዝሃብኩዎም ወይ ከኣ ንዝቐረብኩሎም ተሓሲምሙዎ ወይ ከኣ ኣብዮሙዎ ዚብል ኣተሓሳስባ ምእንቲ ከየስዕብ ዝሃብካዮም ዘይኣብዩ እንተ ነበሩ፤ ዘይናቶም ዘይደልዩ፤ ኣብ ንብረቶም ከኣ ኣዝዮም ጥንቁቕ ሰብ ነበሩ" ብማለት መምህር ኣስፍሃ ካሕሣይ ብምዝካር ይጠቕስዎም።

ኣብ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ እውን ዓቢ ተሳትፎ ብምርኣይ ናይ ማሕበር ፍቕሪ ሃገር ኣባል ስለ ዝነበሩ፤ በቲ ንተመሃሮ ኢሎም ዝደርስዎ መዝሙራት ጌሮም ንህዝቢ ሃገሮም ኣረዲኦም ኢዮም። መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ብዛዕባ ፍቕሪ ሃገር ዝደረስዎ መዝሙር፡

ወላዲትና ዓድና
ኣብ'ዛ ዓለም ብመላኣ
ንዓናሲ የልቦን ከምኣ
ግሩም ፀሓይ ኣብ ዋዒኣ
ጥዑም'ውን ኣየራ

ዎ ክብርቲ ሃገርና
ብውሽጣዊ ሓሳብና
ብዙሕ ነፍቅረኪ ኢና
ጥዑም'ውን ኣየራ ።

ኣብ ርእሲኡ እውን ኣብቲ ሓጺር መጽሓፍ ንባብ ብትግርኛ ፴፩ ዛንታ ዚብል መጽሓፎም ብመምህር ማህለ ዓምደሚካኤል ፡ ብመምህር ቀሺ ገብረእግዚኣብሔር ንጉሠ ፡ ብመምህር እስጢፋኖስ ጋይም ፡ ብኣዝዩ ዘደንቕ ውሕልነት እተደርሱ ፍቕሪ ሃገርን ናፍቖት ትምህርትን ዘረድኡ ሓሙሽተ ግጥምታት ኣለዉ ።

# ባ ህ ላ ዊ   ኣ ራ ኣ እ ያ

መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ብሃይማኖታዊ መንገዲ ምሁርን ብሱልን ስለ ዝነበሩ ፡ ቀሺ እምባየ ሃብተእግዚእ " መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ድኻታት ንምርዳእን ፡ ቅዱሳት ጽሑፋት ንምዝርጋሕን ዚገብርዎ ዝነበሩ ልግስን ስቱር ረድኤትን ትምህርቲ ኪህበና ዚኽእል ኢዩ " ኪብሉ ከም ዝጸሓፉሎም ፡ ንቲ ጽቡቕ ዘበለ ባህልን ልምድን ሃገርና ብልቢ ብምቕባልን ብምሕላውን ፡ ብስቱር ዕሸር ዝሸፍሉ ፡ ናይ ኣቦታቶም ኣብነትን መንገድን ተኸቲሎም ቅድስናን እምነትን ምስ ትምህርትን ምምርማርን ጥራይ ዚርከብ ምዃኑ ፈሊጦም ፡ ናይ ሃይማኖት ተልእኮ ብሓላፍነት እቶ ሸከሙ ዂሎም ደቂ ሃገርና ንምእመናኖም ብቕዱስ [illegible]ጠት ኪሃንጽዎም ከም ዚግባእ ይኣምኑ ነበሩ ።

ከምኡ እውን ባህሊ ሃገርና ፣ ንዝኾነ ይኹን ዜጋ ሃገርና ፡ መሠረት ፍልጠቱን ክፍላዊ ሓጎሱን ሓበኑን ምኺኑ እኳ እንተ ዘይረበሰ ፡ ኣብ ሓደ ሃገር ዚሥራዕ ባህልን ልምድን በብእዋኑ ምስ እዋኑ ምስ ፍልጡት ወዲ ሃገር ማዕቢሉ እናተማሓየሸ ኪኸይድ ከም ዘግባእ ይኣምኑ ምንባሮም ብናይ ሥራሕ ተመክሮ ካብ ኦም ብዝተዓዘብኩዎ ኣካያይዳን ኣራኣእያን ኣዛራርባን ክርድኦ ክኢለ ኣለኹ ።

ኣብ መጀመርያ ፲፱፻፶፫ ዓ· ም· ፈ· ንመጀመርያ እዋን ናብ ኣገልግሎት ምምህርና ተዋፊረ ክለኹ ፡ ካብ መጠን ንላዕሊ ዘፍቅሮ ዝነበርኩ ሓደ ሓወይ ብ ድንገት ስለ ዝሞተ ፡ ሰምቢደ ፡ ሓዚነ ፡ መልክዔይ ኣባ ላሽየ ፡ ኣብ ርእሲ ምንባረይሲ ፡ ብጥዕና እውን ተኸ ሲኤ ፡ ብጊዜ ሥራሕ ካብ ርእሰ መምህረይ ፍቓድ ወ ሲደ ፡ ኣብ ወገን ምብራቕ ናይ'ቲ ቤት ትምህርቲ ፀሓ ይ እናተጸለኹ ኮፍ ኢለ ክለኹ ፡ ብኣጋጣሚ ናይ ኢን ስፐክተርነት ሥራሖም ንምፍጻም መጽኡ እሞ ፡ ምስቲ ርእሰ መምህራን ተዛራሪቦም ንኩነታተይ ተረድእዎ ።

ስለዚ ክአ " ንስኻ መጸሕፍቲ ከም እትገናጽ ል ብዙሓት ነጊሮሙኒ ኢዮም ። ግናኸ ኣይተረዳእ ካዮን ። ክንድ'ዚ ሓዚንካ እንታይ ኢኻ እተፍርዮ ? ስድራኻ ኣርንብ ፡ ሥራሕካ ግበር ፡ ከምዚ ጠባይ'ዚ ድሕሪ ሕጂ ከይርእየልካ ወዘተ - - - - " ብማለት መግ ናሕትን ምዕዶን ሃቡኒ ።

ኣነ ግን " እዚኣም ክአ ዘይበጽሖም ኮይኑ እኮ ኢዩ " ድአ በልኩ እምበር ኣይተረዳእኩዎምን ። በቲ ወረዱኒ ዝነበረ መሪር ሓዘን ስለ ዘይደንገጹለይ ክአ ዳርጋ ብልበይ ተቐየምኩሎም ፡ ድሕሪ ብዙሕ ዓመታት ፡ ግን ኣብ ብዙሕ ቦታታት ብሥራሕ ይኹን ብኻልእ ምኽንያት እናተራኸብና ኣጸቢቕና ተላለና ። በብቑሩብ

ከኣ ንጠባዮምን ኣዘራርባኦምን ለመድኩዎ ። ንቦም እውን ከም መጠን ወላድን ሓለቓን ኪፈትዉኒ ጀመሩ ። ስለዚ ከኣ ጊዜ እናሓለፈ ምስ ከደ ፣ ሓደ መዓልቲ ንሓ ድሓደ ጽሑፋት ዚጠቕመኒ ነገራት ንምእካብ ከዞርቦም ኢለ ፣ " ክቡር መምህር ይስሃቕ ---- ኣነ ሓዘን ኮነ ጓሂ እቲ ዝበጽሖ ሰብ ጥራይ ኢዩ ኪርድኦ ዚኽእል ። ኣብ ርእሲኡ ኸኣ ንብዓትን ብኽያትን ናይ ለውሃትን ሕያውነትን ናይ ብርቱዕ ፍቕርን ምልክትን መረዳእታን ድኣ እምበር ናይ ረአዩለይ ወይ ከኦ ሓደ ካብ ሕማቕ ባህልታት ኣይኮነን ኢለ ኢየ ዝኣምን " ብማለት ዝነ በረኒ ናይ ቅድም ዝቖሃመ ቂምታ ብምዝካር ወቖሳ ወ ሲኽ ጠቐስኩሎም ።

" ሓቅኻ ኢኻ " በሉኒ መምህር ይስሃቕ ተወልደመድህን ፣ ዋዛ ብዚመስል ዓይነት ኣዘራርባ ። ቀጺሎም ከኣ " ጾዓዱ ጨካናት ኢዮም ። ሰብ ሞይቱ ኢሎም ብዙሕ ኣይሓዝኑን ፣ ኣይበኽዩን ፣ ብዙሕ እውን ኣይነ ብዑን ኢዮም ። እቶም ዝነብዑ ወይ ከኣ ዓው ኢሎም ዝበኽዩ ከኣ እቶም ዘፍቅርዎ ሓዎም ፣ በዓልቲ ቤቶም፣ ውላዶም ፣ ወዘተ ---- ዝሞቱዎም ጥራፍ ኢዮም ። እንተ ኾነ ግን ክሳዕ ጕሮሮኻ ዝነቕዕ ምግዓር ፣ ርእሰኻ ምንጻይ ፣ ኣብ ምድሪ ምድቃስከ ነቲ ዝሞተ ሰብ እን ታይ ይሕግዞ ? " ብማለት ከረድኡኒ ፈተኑ ። ኣነ እውን ሽሕ እኳ ብመጠኑ እንተ ነበረ ንልቦናኦም ተረዳእኩዎ።

መምህር ይስሃቕ ተወልደመድህን ኣነ ዝረኣኹዎ እኳ እንተ ዘይኮነ ፣ ብዙሓት ሰባት ከም ዘዘንተዉለይ ሰብ ሞይቱ ኢልካ ኣብ ምድሪ ምድቃስ ጌጋ ከም ዝ ኾነ ህዝቢ ብተግባራዊ ኣብነት ምእንቲ ኪርዳእ ኣብ ገዝኦም ሓዘን ኪርከብ ከሎ ኣብ ምድሪ ኣይድቕሱን ነበሩ ።

# ኒ ሕ  ብ ተ ግ ባ ር

መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ፡ ሃገራዊ ሓርነትን ህዝባዊ ናጽነትን ብዘይ ቆራጽ ቃልስን ሓቦ ዝመልኦ ድፍረትን ኪርከብ ከም ዘይከኣል ይኣምኑ ነበሩ ።

ብጊዜ ግዝኣት እንግሊዝ ዝኾነ ይኹን ሰብ ፣ ማለት ናይ መንግሥቲ እንግሊዝ ሠራሕተኛ ዝኾነ ፡ ኣብ ናይ ፖለቲካ ማሕበራት ተመዝጊቡ ተሳታፊ ከይኸውን ክልኩል ስለ ዝነበረ ፣ ብዙሓት መምህራን ነዚ ኽምዚ ዝበለ ሕጊ ነጺጎም ብጋህድን ብሕቡእን ኣብ ማሕበራት ፖለቲካ እናተመዝገቡ ንጡፍ ተሳትፎ የርእዩ ነበሩ ። በዚ ኽምዚ ዝበለ ምኽንያታት ድማ ብዙሓት



ኣብዚ ስእሊ'ዚ መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህንን ኣብ ናይ በይሩት ዩኒቨርሲቲ ትምህርቲ ምስ ፈጸሙ፣ ምስ ሓምምን ምስ ወላዲኦም ቀሺ ተወልደመድህንን ይርአዩ። ብየማን መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ብጸጋም ከኣ ብላቴንጌታ ኤፍሬም ተወልደመድህን ይርአዩ።

ካባታቶም ኣብ ቤት ማእሰርቲ እናተሞቁሑ ካብ ሥራሕ ይስጉጉን ይጓናደቡን ነበሩ።

ኣብዚ እዋናት'ዚ ሓደ ሃገራዊ መምህር ንሓያሎ እዋን ስለ እተኣስሩ ካብ ሥራሕ ተረፉ እሞ ብሰንኪ ምብኳሮም ዝኣክል ካብ መዝገብ ሠራሕተኛታት ተሠረዙ። ማእሰርቶም ወዲኦም ምስ ወጹኡ ድማ ናብ ሥራሖም ምእንቲ ኪምለሱ ናብ መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ቀረቡ። ስለዚ ከኣ “ መምህር ይስሃቅ ---- እንሆ እምበኣር መጺኤ ኣሎኹ እሞ ሥራሐይ ክጅምር ፍቐዱለይ ” ብማለት ኣመልከቱ።

መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ሓደ ነገር ከም ዘይፈልጡ መሲሎም፣ “ ናበይ ኢኻኸ ወሪሕካ ? ክንድ'ዚ ዚኣክል ጊዜ እተብዙርከ ስለምንታይ ? ” ብማለት ተወከሱዎም።

እቶም መምህር ከኣ ብናይ ፖለቲካዊ ምንቅስቓሳት ምኽንያት ተጠርጢሮም ናብ ቤት ማእሰርቲ ተዳጒኖም ከም ዝወርሑ ንመምህር ይስሓቅ ኣብሪሆም ገለጹሎም።

መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ከኣ በዚ ተናደዱ። ስለዚ ኸኣ ነቶም መምህር ከምዚ ዚስዕብ ጌሮም መልሲ ሃቡዎም፤ “ ስማዕ መምህር ፈሪህካ ናጽነትን ሓርነትን ኣይርከብን ኢዩ። ፖለቲካን ፍርሃትን ከኣ ክልቲኦም እተረሓሓቑ ተቓረንቲ ኢዮም። ነዚ ግን ህዝቢ ኤርትራ ኣይተገንዘብናዮን ፡ ስማዕ ሓደ ምስላ ክነግረካ፣

ሓደ እዋን ዝብኢ ንእግረ መንገዱ ኪሓልፍ ከሎ ምስ ሓደ ኣዝዩ ጽቡቕ ኣድጊ ተራኸበ። እቲ ኣድጊ

ነተን ክልተ ኣእዛኑ ኩር ኣቢሉወን ነበረ እሞ እተን እዝኒ ኣድጊ ነቲ ዝብኢ ቀርኒ መሲለን ተራእይኦ ። እቲ ኣድጊ ልሙጽን ጽቡቕን ስለ ዝነበረ ኸኣ ዝብኢ ፈተዎ እሞ ፡ ኣየ ጉድ ! ኣንታ እዚ ፍጥረት'ዚ ክንደይ ይጽብቕ ኢዩ ። እዝስ ወይ ሓውካ ወይ ከኣ ዓርክኻ እንተ ዚኸውን ብማለት ከኣ ዝብኢ ብልቡ ተመነየ ። ብዝገበረ ጌና ከኣ ዝብኢ ምስ'ቲ ጽቡቕ ኣድጊ ተላለየ።

ከምዚ ኢሎም እቲ ዝብእን እቲ ጽቡቕ ኣድግን ጽቡቕ ፍቕርን ዕርክነትን ተኺሎም ብምትሕልላው ይነብሩ ነበሩ ።

ከምቲ ኣቐዲመ ዝነገርኩኻ እቲ ዝብኢ ነተን ናይ ኣድጊ ኣእዛን ከም ቀርኒ ኢዩ ዚሓስበን ዝነበረ ። ስለ ዚ ኸኣ ሓደ መዓልቲ እንተ ድኣ ኣኾርየየ በዘን ተረርቲ ኣቕርንቱ ጌና ከብደይ በሸሽ ከብለኒ ኢዩ ብማለት ንኣድጊ ይፈርሆ ነበረ ።

እዋን ምስ ሓለፈ ግን እቲ ኣድጊ ደቂሱ ኸሎ ዝብኢ ነተን ኣእዛኑ ዳህሰሰን እሞ ሥጋ ድኣ እምበር ቀርኒ ከም ዘይነበራ ፈለጠ ። ኪጐድኦ ከም ዘይኽእል እውን ተረድኤ ።

ድሕሪ ቑሩብ መዓልታት እቲ ዝብኢ ነቲ ኣድጊ ነገር ደለዮ እሞ ናብኡ ቅርብ ኢሉ ቁሩብ ሕንፍጥ ኣበሎ ። እቲ ኣድጊ ግን ኣይተንቀሳቐሰን ። ኣይተኸላኸለን እውን ። ዝብኢ እንደገና ነቲ ኣድጊ ሕንፍጥ ኣበሎ ። ቀጺሉ እውን ቁሩብ ብጆል ኣበሎ ። እቲ ኣድጊ ግን ኣይተኸላኸለን ። ስለዚ ኸኣ ዝብኢ ኣድጊ ምንም ክም ዘይገብሮ ፈለጠ እሞ ፈጺሙ በጃጀሎ ። በልዖ ኸኣ ። እንሆ ኸኣ ኣድጊ ክሳዕ ሎሚ ቀለብ ዝብኢ ኮይኑ ተሪፉ ኣሎ ።

ስማዕ ክቡር ወደይ ። እዚ ባዕዳዊ ምምሕዳር ክአ ንዓና ማለት ነዞም አብ ኤርትራ እንነብር ህዝቢ ብር ቱዓት መሲሉዎ ቅድም ብኽብርን ብፍርሃትን ኪሕዘና ጀሚሩ ነይሩ ኢዩ። ደሓር ግን ጠባይና በብቑሩብ ፈለ ጠ ። ከምዚ ኢሉ ከአ ኪደፍረና ጀመረ ።

ንሕና ግን ልክዕ ከምቲ አድጊ አይተኸላኸልናን ። እንታይ ድአ ንብል ይመስለካ - - - “ ወይ ጉድ አንታ ሰሚዕካ'ዶ ? ወዲ እከለ ወይ ከአ መምህር እከለ እኮ ተአሲሩ አሎ ” ። እዚ ኢዩ ናትና ሕሜትን ሕሹ ኽሹኽን ። ብዝተረፈ ግን ስለምንታይ ኢዩ እከለ ዝእ ሰር ወይ ከአ ስለምንታይ ኢና ብዘይ ሕጊ እንእሰር ። ስለምንታይከ ኢና ብዘይ ሕጋዊ መጸዋዕታ ብፖሊስ ተንጠልጢልና ልክዕ ከም ጀምቢል ፈቖዶ ስታስዮነ ታት እንድርበ ፡ ኢልና ተቓውሞ አስሚዕና አይንፈል ጥን ። ሰላማዊ ሰልፊ ዝብሃል እውን ጌርና አይንፈል ጥን ። እንግሊዝ ከአ መፍቶቱ ረኺቡ እንሆ በብተራ ፡ በብሓደ ኪአስረናን ኪሙቁሓናን ይነብር አሎ ” ብማ ለት ብምስቍርቋር ነቶም መምህር አረድኡዎም ።

አብ መወዳእታ ከአ “ ስማዕ መምህር ። እዚ ኹሉ ዝብሎ ዘሎኹ ንዓኻ አይኮነን ። ብሓፈሻኡ ብዛዕባ ጠ ባይ ህዝብናን ኩነታት ሃገርናን ኣሕሲቡኒ ኢየ እዚ ኹሉ ዝዛረበካ ዘሎኹ ። ዝኾነ ይኹን ህዝቢ ንመሰሉ ብሰላማዊ መንገዲ ኪከራኸር ግቡኡ ኢዩ ። ብዝተረፈ ግን አብ ክንዲ ሓቢርካ ብሰላማዊ መንገዲ መሰልካ ምሕላው ምትሕምማይ እንተኾይኑ - - ትምህርቲ እውን ክሳዕ ክንድኡ ጥቕሚ ኪሀብ ዚኽእል ኣይኮ ነን ። ኒሕ አቦታትና ብተግባር ከነርኢ ምተገብኤ ነበረ” በልዎም ።

"በል ኪድ ። ምምሃር እውን ሃገራዊ ኣገልግሎት ኢዩ እሞ ኪድ መሃር ። ሥራሕካ ክትቅጽል ተፈቒዱ ልካ ኢዩ" ብማለት ከአ ኣተባቢያም ናብ ሥራሖም ከም ዚምለሱ ብምግባር ኣፋነውዎም ።

## መ ም ህ ር ዓ ቢ ይ ሹ መ ት ኢ ዩ

መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ትምህርቲ ክሳዕ ክንደይ ኣድላይን ክቡርን ከም ዝኾነ ብምፍላጥ ህዝቢ ኪመሃርን ኪርዳእን ኢሎም ካብ ዓቕሞም ንላዕሊ እና ደኸሙ ፣ ምስ'ቶም ንጡፋትን ትጉሃትን ሓገዝቶም ዝ ኾኑ ኢንስፐክተራት እናተረዳድኡ ፣ ምስ ርእሰ መም ህራን እናተማኸሩ ፣ ምስ መምህራን ብትኽ ዝበለ መንገዲ እናተዛረቡ ፣ ኣብ ከተማታትን ገጠራትን ክፍ ሊ ሃገርና ቆይመን ዝነበራ ኣብያተ ትምህርቲ ተተ ማላሊሶም እናበጽሑ ፣ ኣብያተ ትምህርቲ ካብ ዓ መት ናብ ዓመት ከም ዝውስኹ ፣ ቁጽሪ መምህራን ከአ ከም ዝውስኹ ጌሮም ኢዮም ።

መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ቡቲ « መም ህር » ዚብል ዓቢ ሹመት ወይ ከአ ቅጽል መጸውዒ እም ብዘይ መጠን ይሕበኑ ነበሩ እሞ ፣ እዋኑ በጺሑ ዂሎም ዋና ዲረክተራት ቀኛዝማች ተባሂሎም ምስ ተሾሙ ፣ ንሶም እውን ቀኛዝማች ይስሃቅ ተወልደመ ድህን ተባሂሎም ተሾሙ እሞ " ኣይ - - - ነታ መም ህር እትብል ፍትውቲ ሹመተይ ድአ ኬጥፍኡለይ እም በር - - -" ብማለት ተቓውሞኦም ገለጹ ።

መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ክሳዕ ዕለት ናጽነት ብናይ ኣብያተ ትምህርቲ ምሉእ ኢንስፐክተ ርነት መዓርግ ፣ ኣብ ጊዜ ናጽነት ከአ ናይ ሃገርና ናይ

ክፍሊ ትምህርቲ ዳይረክተር ኮይኖም ብቕንዕና ፡ ብድሌት ፡ ብኽእለት ፡ ዘገልገሉ ኪኾኑ ኸለዉ ኣብ ጥቓ መወዳእታ ናይ ሥራሕ ዘመኖም ከኣ ናይ ክፍሊ ሥራሕ ዳይረክተር ኮይኖም ሠሪሖም ኢዮም ።

ኣነ ንርእሰይ ኣብ ጥቓ እንዳ መምህር ይስሃቅ ተወሊደመድህን ፡ ማለት ኣብ ዞባ ሳባ ወይ ከኣ ገዛ ከኒሻ ፡ ቤት ተኽርየ ተቐሚጠ ከሎኹ ፡ ናተይ ተመሃሮ ንዓይ ኪበጽሑ ኢሎም ናብ ቤተይ ምስ መጽኡ ፡ ብጌጋ ማለት ከም መጠን ተመሃሮይ ፡ ብሽም እንዳ መምህር ይስሃቅ ተሓቢሮም ኣብ ክንዲ ናብ ገዛይ ናብ እንዳ መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ኳሕኲሖ እሞ መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ባዕሎም ተንሲኦም ከፈቱዎም ።

ነቶም ተመሃሮ ገዛ ከም እተጋገዩ ነጊሮም ፡ ንገዛይ ሓቢሮም ምስ ኣረድእዎም ከኣ " ኪዱ እሞ ነቲ መምህር ይስሃቅ ዚብሃል ከኣ ጸውዕዎ " በልዎም ።

ብዙሕ ዘኽብሮም ስለ ዝነበርኩ ከኣ ፡ ነቶም ተመሃሮ ኣብ ቤተይ ኮፍ ኣቢለ ከድኩዎም ።

" ሰማዕ ኣንታ ወዲ " በሉኒ ፡ ዝኾረዩ መሲሎም ። " ኣብየት - - - እሂ መምህር " ኢለ ከኣ ብትሕትና መለስኩሎም ።

" ወይ ሽምካ ቀይር - - - ወይ ከኣ ገዛኻ ቀይር ። ብዝተረፈ ግን ሕጂ መጺእካ ንታ መምህር እተባህለት ፍትውቲ ሹመተይ ኪትወስደለይ ኣይኮንካን " ብማለት ኣስሓቑኒ ።

እዚ ከኣ በቲ መምህር እተባህለ ቅጽል መጸውዒ እዎ ክሳዕ ክንደይ ሕቡን ምንባሮም ዘረድእ ኢዩ ።

መምህር ኣስፍሃ ካሕሣይ ( ሎሚ ቀኛዝማች ኣስ ፍሃ ካሕሣይ ) ብዛዕባ መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ኪዝክሩ ኸለዉ "መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ንዝዓሸወ እናኣለበሙ ፡ ንዝደንቆረ እናመሃሩ ፡ ሥነ ሥርዓት ብዝመልአ እሩምን ኣብነታዊ ኣካያይዳን እና ኣርኣዩ ፡ ብክእለቶምን ላዛ ኣዘራርባኦምን ወግዖምን ኣብ መንጎ ህዝቢ ሃገሮም እተፈልጡ ፡ ዓቢ ሓድጊ ዝገደፉ ነበሩ" እናበሉ ድሕሪ ግብኣተ መሬቶም ጸሓፉሎም ።

ከምኡ እውን ብዛዕባ መምህርነቶም ከረድኡኒ ከለዉ "መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ኣብ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ ፡ ኣብ ኣኼባ ፡ ኣብ መንገዲ ፡ ኣብ ዝኾነ ድዎ ቦታታት እናመሃሩ ዝመላለሱ ስለ ዝነበሩ ናይ ሓቂ ሕቡን መምህር ነበሩ" ኢሎም ይጠቕሰዎም ። እዚ ኸኣ ናይ ቅኑዕ መሣርሒቲ ቅኑዕ ምስክር ኪብሃል ይከኣል ።

መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን ብ ፳ ሓምለ ፲፱፻፹ ዓ-ም- (ማለት ብ ፳፯ ሓምለ ፲፱፻፹፰ ዓ-ም-ፈ-) ተስዓ ዓመት ኪመልኡ ቁሩባት መዓልታት ጥራይ ምስ ተረፉኦም ፡ ብዙሕ ሰቓይ ብዘይነበሮ ውሑድ ሕማም ካብ'ዛ ዓለም ብሞት ተፈለዩ ።



እዚ ስእሊ'ዚ ማጆር ክነስቶን ስኔል ድሕሪ ፳፭ ዓመታት ማለት ብ፲፱፻፷፩ ዓ-ም-ፈ- ክፍሊ ሃገር ኤር ትራ ንምብጻሕ ምስ መጽኡ፣ ምስ መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህንን ምስ ገለ ካብ'ቶም ቀዳሞት ናይ ኣገ ልግሎት ትምህርቲ መሣርሕቶም ዝነበሩን ኣብ ኣሥ መራ ተራኺቦም እተሳእልዎ ኢዩ።

---

ኣብዚ ስእሊ ካብ የማን ናብ ጸጋም ኮፍ ኢሎም ዘለዉ ፤

፩- መምህር ይስሃቅ ተወልደመድህን

፪- ማጆር ክነስቶን ስኔል

፫- መምህር ምዕራፍ ዘወልዲ

ደው፡ ኢሎም ዘለዉ ካብ የማን ናብ ጸጋም ፤

፩- መምህር ኪዳነ ወልደሥላሴ (ግራዝማች)
፪- መምህር ኣስፍሃ ካሕሣይ (ቀኛዝማች)
፫- መምህር ዮሴፍ ያዕቆብ
፬- መምህር ሰሎሞን ተኸለ (ፊታውራሪ)
፭- መምህር ሰሎሞን ካሕሣይ (ጠበቓ)
፮- መምህር ገብረልዑል ወልደጽዮን
፯- መምህር ያዕቆብ ደስታ (ግራዝማች)
፰- መምህር ኤፍሬም ኣማኑኤል (ግራዝማች)
፱- መምህር መስፍን ገብረሀይወት (ፊታውራሪ)
፲- መምህር ምስግና ኣልመደም
፲፩- መምህር ሥዩም መንቆርዮስ

ኢዮም ።



መምህር ይስሃቕ ተወልደመድህን ኣብ መወዳእታ እዋን ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ስእሊ ዝመስል መልክዕ ነበሮም ።

# ኣርእስቲ


| | | |
|---|---|---|
| መእተዊ ብትኪአ ኣረስዐ . . . | ገጽ | 3 |
| መብርሂ . . . . . . | » | 7 |
| መቕድም . . . . . . | » | 9 |
| ዛንታ ሓደ ምሁር ወዲ ሃገር ይስሃቅ ተወልደመድህን ኣብ እዋን ንእስነቶም . . | » | 11 |
| ትምህርትን ምምህርናን ኣብ ኤርትራ . | » | 14 |
| ቃልሲ ምጥፋእ ድንቍርና . . . | » | 16 |
| ሓድሽ ልደት ቋንቋ ትግርኛ . . . | » | 21 |
| ንመምሃሪ ዚኸኑ መጻሕፍቲ ትግርኛ . | » | 24 |
| ቀዳማይ መጽሓፍ ቍጽሪ ብቋንቋ ትግርኛ . | » | 30 |
| እቲ ቃልሲ ይቕጽል . . . . | » | 34 |
| ቤት ትምህርቲ ምድላው ማምህራን . . | » | 36 |
| ቤት ትምህርቲ ኣዋልድ . . . . | » | 37 |
| ሽማግሌታት ወለዲ ተመሃሮ . . . | » | 38 |

ክሳብ ሎሚ ብደራሲ ዝተጻሕፉ መጻሕፍቲ

1 ሓይሎም ወዲ ኣስመራ
2 ሕንዛም ፍቕሪ ህድኣት
3 ሓደ ኤርትራዊ
4 ድንገተኛ ፍቕሪ ንጽህቲ
5 ሓጺር ዛንታ ህይወት መምህር ይስሓቅ ተወልደመድህን

ዋጋ ብር 5.00